ITYOPIS
Northeast African Journal of Social Sciences and Humanities
ISSN: PRINT 2223-7178 ONLINE 3105-4048

# ኣገባባት ዝንታው ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

Article

Hafte Nigus Gebregergis [1*] Tesfaye Mesele Zinabu [2] Getahun Mesele Melku [3]

**Article History**

*Submitted: Sept. 10, 2024*

*Revised: Nov. 07, 2024*

*Published online: Dec. 15, 2024*

**Citation**

Hafte, N.G., Tesfaye, M.Z.& Getahun, M.M. (2024). ኣገባባት ዝንታው ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን. ITYOPIS: Northeast African Journal of Social Sciences and Humanities, 6(2), 24-47. https://doi.org/10.71624/xjtd4k66

## ABSTRACT

This systematic review examines the critical urban environmental challenges and policy frameworks in Ethiopia, providing valuable insights for sustainable future development.

## ማራ

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተጋድሎኣዊ ሕይወት ኣዳምን ኣብርሃምን ዘዘንትዉ፣ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ዝነግሩን ህላወን ሕልፈትን ዓለምን ተፈጥሮኣን ዘረድኡን ኣካል ጥንታውያን ስነ ፅሑፍ ግእዝ እዮም። እዚ መፅናዕቲ ኣብዞም ክልተ ገድልታት እንታይ ዓይነት ኣገባባት ዝንታው ምህላዎም ንምንፃር ተሳሊጡ። ዳህሳስ ሰነድ ብምክያድ ገለፃ ትሕዝቶ ስለ ዘቕርብ ዓይነታዊ መፅናዕቲ እዩ። ኣብቶም ዝረአዩ መግለፅታት ዝርከቡ ኣገባባት ዝንታው ገለፃውን ፍካረኣውን ሜላታት ትንተና ብምጥቃም ተተንቲኖም። እቶም ኣገባባት እኒ ጀነቴ (1980 [1972])፣ ቦንሂም (1982)፣ ቻትማን (1978)፣ ቱላን (2001)ን ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ሊቃውንትን ዘሰጉምዎም ኣምራትን ክልስ ሓሳባትን ብምጥቃም ተሓቢሮም። ኣብቶም ገድላት ዘለዉ ዛንታታት፥ ትዕይንትን (ምርኣይን ምንጋርን) ኣሕፅሮትን (ገለፃን ርእይቶን) ብዝብሉ መግለፅታት ኣገባባት ዝንታው ዝዝንተዉ እዮም። እዞም መልክዓት ዝንተው ሒዞም ምርካቦም፥ እቶም ክልተ ገድላት ብኣገባባት ዝንታው ከም ዝዝንተዉ የርእይ። ስነ ፅሑፋዊ ሜላታት ኣገባባት ዝንታው ኣብቶም ገድላት ኣብ ተግባር ዝወዓሉ ምዃኖም እውን ርካቦ እዚ መፅናዕቲ ይሕብር። እዚ ድማ፥ ንምውዳድ ገድላዊ ፍፃመታትን መዋቕር ዝንታውን ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝለዓለ ኣበርክቶ ዝገበረ እዩ። እቶም ገድላት ኣብ ኣገባብ ዝንታውኦም ምስንሳል፦ ቋንቋ፣ ኣገባብ ትሕዝቶ፣ ኣወዳድዳ ታሪኽን እምነትን ... ኣለዎም። እዞም ዛዕባታት እዚ መፅናዕቲ ካልኦት ተመራመርቲ እውን ትኹረት ብምሃብ ክፅንዕዎም ይግባእ።

**ቁልፊ ቃላት:** ዝንታው (Narrative)፣ ገድል፣ ኣገባባት ዝንታው (Narrative Modes)

OPEN ACCESS

1*ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ፤ ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ስነ ሰብን፤ ዩኒቨርስቲ ዓዲ ግራት፤ ኢትዮጵያ። bhilebhil12@gmail.com
2 ክፍሊ ትምህርቲ እንግሊዝኛ፤ ኮሌጅ ህብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን፤ መቐለ ዩንቨርስቲ፤ ኢትዮጵያ። solianatm@gmail.com
3 ክፍሊ ትምህርት ትግርኛ፣ ኮሌጅ ህብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን፤መቐለ ዩንቨርስቲ ኢትዮጵያ። kiloved@gmail.com

## መእተዊ

ዝንታወ[4]፥ ታሪኽ መሰረት ገይሮም ኣብ ዝለዓሉ ወይ ዝኸሰቱ ዝተፈላለዩ ተጓንፎታትን ክስተታትን ጠመተ ብምግባር፦ ኣበይ፣ ብኸመይን ንምንታይን ከም ዝተኸሰቱ ውፅኢት እቶም ክስተታት፣ ብቲ ክስተት ዝተረብሑን ዝተጐድኡን ኣካላት ከምኡ እውን ኣንፈት ዋሕዚ ፍፃመ ብምሕባር (ሳልባክ፥ 2009) ንፍፃመታታትን ዝተፈላለዩ ክስተታትን ዝነግር ኣገባብ እዩ። ኣብ ዝንታወ ንዛንታ ወይ ዝንታወ ዝነግር ብደራሲ ዝተቐመጠ ኣዘንታዊ ኣሎ። ብግዘን ብኩነትን ዝልካዕ ክስተት እውን ህሉው እዩ። እቲ ምኽንያት "ኣዘንታዊ ዝኾነ ኣካል ኲይኑ ታሪኽ ዝነግረና ወይ ዛንታ ዘዘንትወልና ብምዃኑ" (ኪን፥ 2003) እዩ። ከይድን ውፅኢትን፣ ስራሕን ፍፃመን፣ መዋቕርን መዋቕራውነትን፦ ሓደ ወይ ብዙሕ፣ ሓቃዊ ወይ ፈጠራዊ ክስተት ብሓደ፣ ክልተ ወይ ብዙሓት ኣዘንተውቲ ዝዝንተወሉ (ፕሪንስ፥ 1987) ነገራት ዘለዎም መልእኽትን ቴማን ዝንገረሉን ዝሓዝዎ ዓሚቕ ሚስጢር ዝገሃደሉን እዩ። ስለዚ ዝንታወ፦ ብዓይነቱ፣ መዋቕሩ፣ ብዘካትቶም ባእታታት፣ ብባሕሪኡ፣ ብዘሕልፎ መልእኽቲ፣ ብክዋነ፣ ብትሕዝትኡ፣ ብዕላምኡ፣ [...] እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ይፍለ (በርገር፥ 1997)። እዚ ዘርእየና ዝንታወ፦ ግዘን ቦታን ዘይውስኖ፣ ኣብ ኵሉ ቦታን ግዘን ብዝተፈላለየ ቅዲ፦ ዝንገር፣ ዝፅሓፍ፣ ዝኽወን፣ ዝሰኣል፣ ዝቕረፅ፣ [...] ውፅኢት ምህዘን ፈጠራን ወዲ ሰብ ከም ዝኾነ እዩ (ፊላን፥ 2005b; ሪቻርድሰን፥ 2000፣ ሃበርማን፥ 2006)። ዝንታወ፥ ዘልዕሎ ዛዕባን ዝሸፍኖ ዓውድን ሰፊሕ ካብ ምዃኑ ዝተልዓለ ድማ፣ ንኵሉ ብማዕረ ከስማዕምዕ ዝኽእል ኣምር[5] ወይ ወሰነ ትርጉም ንምሃብ ከቢድ ይገብሮ (ሱመር፥ 1994)፤ እዚ ዝንታወ ዝሸፍኖ ዓውድን ዘካትቶ ዛዕባን ጥሉቕን ሰፊሕን ምዃኑ ዝሕብር እዩ።

ዝንታወ፥ ሓደ ክስተት ብተወሳኺ ካልእ ክስተት ከም ዘለዎ የርእይ። ይኹን እንበር ዝተዘንተወ፣ ዝተዘረበ ወይ ዝተነገረ ክስተት እንተይኰነስ ሓደ ነገር እንትገልፅ ዝብሎ ኣበሃህላ ወይ ኣዘራርባ ከም ዝኾነ፤ [...] ኣዘንታዊ [ድማ] እቶም ክስተታት ኣብ ምግላፅ ወሳኒ ኣካል ዝበሃል መራሒ ተደራሲ ወይ ኣንባቢ እዩ (ጀነቴ፥ 1980)። ትኹረት ዘዕባ እዚ ኣምር፣ ካብ ዝንታወ ናብ ኣዘንታዊ ዘዘንበለ፤ ኣፅንኦቱ እውን፥ ኣብ ዝተዘረበ ወይ ዝተብሃለ ክስተት እንተይኰነስ ኣዘንታዊ ንእቲ ዝግለፅ ዘሎ ክስተት እንትገልፅ ኣብ ዝብሎ ኣበሃህላን ብልሓት ኣዘነታትዋን ዝገበረ እዩ። ብተወሳኺ፥ ኣዘንታዊ፣ እቶም ክስተታት ወይ ፍፃመታት ብኸመይ ናብ ተደረስቲ ይበፅሑ ኣብ ዝብል ስለ ዘድህብ "ኣዘንታዊ ኣብ ዝንታወ ወሳኒ ኣካል ከም ዝኾነ" (ክሪድል፥ 2018) ይነግር።

ንዝንታወ ብዘሕልፎ መልእኽቲ፥ ብክዋነን ብዓይነትን ብምምዳብ፦ ብቃል ዝቐርቡ፣ ብፅሑፍ ዝቐርቡ፣ ብቃልን ብፅሑፍን ተወሃሂዶም ዝቐርቡ፣ ብግጥምን ብክዋንን ዝቐርቡ፣ ዝብል እውን ካልእ መልክዕ ኣምር ዝንታወ እዩ (ጐያል፥ 2016)። ኣብዞም ምድባትን ብልሓት ኣቀራርባታትን እዚኦም ዝካተቱ ዓይነትን ብዝሓትን ዝንታወታት "በዝሓም ክንዲዙይ እዩ" ብምባል ምግላፅ ከቢድ እዩ። ምኽንያቱ፣ ዛንታ ዝዝንተው ብቃል ወይ ብፅሑፍ ጥራሕ ኣይኰነን። ዛንታ ዝዛረቡ፦ ባህላዊ፣ ፖለቲካዊ፣

[4] ዝንታወ፥ ንዝዝንቶ (Story)፣ ኣዘንታውን (Narrator) **ዝንተዋን (Narration)** ይሕዝ። ዘንተወን ኣዘንተወን ድማ፣ ተተኻኻእቲ ቃላት ኰይኖም፣ ንዛንታ ወይ ታሪኽ ዝነግር ኣካል ዘመልክቱ እንትኾኑ÷ ነገረ፣ ተረኸ፣ ፀወየ፣ ኣውግዐ፣ ዜነወ፣ ኣብሰረ ዝብል ፍታሕ ኣለዎም። "ንዝንታወ፣ ዜነወ÷ ዘንተወ፣ ነገረ፣ ኣውረየ፣ ኣስምዐ፣ ኣስተምሃረ፣ ኣረድአ፣ ኣብሰረ፤ ዜናዊ÷ ዘዘንቱ፣ ዝነግር፣ ዘውሪ፣ ዝትርኽ፣ መውረዪ፣ ፍፃመ ነጋሪ፣ ሰባኺ፣ ኣምሃሪ፣ ወረኛ፣ በዓል ወረ፣ በዓል ብስራት፣ መልእኽተኛ፣ ታሪኽ ፈላጢ፣ መኽዝን [ሙዳይ] ወረ፤ ዜና÷ ወረ፣ ዝተብሃለ፣ ዝተነገረ ቃል፣ ዝኾነን ዝተፈፀመን ስራሕ፣ ካብ ኣፍ ሰብ ዝስማዕ ወይ ካብ መፅሓፍ ዝስማዕ ሓዱሽ [እንግዳ] ነገር፣ ትንቢት፣ ብስራት፣ ስብከት፣ ድሕነት፣ መርድእ፣ ወግዒ፣ ታሪኽ፣ ገድል፣ ደብዳበ፣ መልእኽቲ፣ ዝመሳሰሉ ኵሎም፤ ተዜነወ÷ ተወረየ፣ ተዘንተወ፣ ተነገረ፣ ተበሰረ፤ ዚንው÷ ዝተወረየ፣ ዝተዘንተወ፣ ዝተነገረ፣ ዝተበሰረ፤ ብምባል ኣስፍሕ ኣቢሎም ይገልፅዎ (ኪዳነ ወልድ፥ 1948)። እዚ ድማ፣ ዝንታወ ዝብል ቃል ካብ ዜነወ ዝብል ቃል ግእዝ ዝወፀ ከም ዝኾነ **የትዕል**። ዝንታወ ዝብል ቃል ንዛንታ ወይ ታሪኽ፣ ንዘዘንቱ ኣዘንታዊ ዝበሃል ኣካልን ዝንተዋን ጠሚሩ ስለ ዝሕዝ፣ ኣብ እዚ መፅናዕቲ እቲ ስያመ ተመራፂ ኰይኑ። ዝንታወ፣ ንእዚ ከም ዘገልግል ንፈለማ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ኣተኣታትዩ ዝጠቐመሉ ጌታሁን መሰለ (ዶር.) እንትኸውን ንሱ እውን ኣብ 1998 ዓ.ም. ፈጠራዊ ፅሑፍ (ልቢ ወለድ) ኣብ ዘምህረሉ ዝነበረ ግዘ ከም ዝኾነ ተምሃርኡ ይዛረቡ። ስለዚ "ዝንታወ" ዝብል ቃል ናብ ስነ ፅሑፍ ትግርኛ ኣምፂእኻ ኣብ ምጥቃም፣ ፈላምን ፀያህን ጌታሁን መሰለ (ዶር.) እዩ። በኽርነት ምጥቃም እዚ ቃል ንዕኡ ኣፍልጦን ኣፅንዖትን ሂቡ መፅንዒ ኣብ መፅናዕቱ ተጠቒምሉ።

[5] ኣምር÷ ኣብ ስነ ፅሑፍ ይኹን ካልእ ዓውዲ ናይ ዝለዓል ርእሲ፥ እንታይነት፣ ወሰነ ትርጉም፣ ብያነ፣ መግለፂ [..] ይምልከት። ብምዃኑ እዚ ቃል "መሰረተ ቃሉ ኣመረ ወይ ኣእመረ ዝብል ግስ ቋንቋ ግእዝ ኰይኑ፣ ኣመረ÷ ኣመልከተ፣ ጠቆመ፣ ሓበረ፣ [...] ዝብል ፍታሕ እንትህልዎ፤ ኣእመረ÷ ፈለጠ፣ ፈለየ፣ ነፀረ፣ [...] ዝብል ፍታሕ ኣለዎ። ኣምር ድማ ካብ እዞም ክልተ ግሳት ዝተረኸበ ስም እዩ። [ስለዚ] ኣምር፥ ብያነ፣ ክልስ ሓሳብ ወይ ወሰነ ትርጉም ዝብል ፍታሕ ኣለዎ (ኪዳነ ወልድ፥ 1948)። ኣምር ንዝተፈላለዩ ወሰነ ትርጉማት ጠሚሩ ስለ ዝሕዝ ተመሪፁ።

ሃይማኖታዊ፣ ታሪኻውን ማሕበራውን ትእምርትታት እውን ኣለዉ። ሓውልትታት፣ መካነ መቓብራት፣ ህንፃታት፣ ፒራሚዳት፣ ቅሪታት ስነ ኗዕቲ፣ስእልታት፣ ቅርፃቅርፂ፣ [...] ዘዘንትውዎ ዛንታ ኣለዎም። እዚኦም ኩሎም ብዝተፈላለዩ ቅድታት ኣቀራርባ ዝኽሰቱ ዝንታወታት ይበሃሉ (ሃበርማን፥ 2007) ምባሉ ዝንታወ ዘይኰነ ነገር ከም ዘየለን ንኩሉ ዝጠመረ ዓውዲ ምዃኑን ዘግህድ እዩ።

ስለዚ፥ ብዛዕባ ዝንታወ ዝወሃቡ ኣምራትን ትንታነታትን ኣብ ክልተ ብምምዳብ ምርኣይ ይከኣል። ቀዳማይ ኣምር፥ ዘርዛሪ፣ ሰፊሕን ንኩሉ ዘካተተን እንትኸውን፤ ካልኣይ ኣምር ድማ ጠቕላልን ፀቢብን እዩ። መልእኽቲ ከሕልፍ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ኣብ ከባቢና ዘሎ ነገር ኩሉ ዝንታወ እዩ (ባርተዝ፥ 1977) ይብል። ብእዚ ሰፊሕ ኣምር፦ ብቃል፣ ብፅሑፍ፣ ብድምፂ፣ ብክዋነ፣ ስእሊ፣ ሻራ፣ ቅብኢ፣ [...] ዝዝንተዉ፥ ኩሎም ኣፍላጋተ ጥበብን ዓንድታት ፍልጠትን ዝንታወ እዮም። ብተወሳኺ ርያን (2005)፣ “ዝንታወ፥ ዛንታ፣ ዝንታውኡን ዛንታ ዝቐርበሉ ኩነትን መንገድን ንኩሉ ጠቕሊሉ ዝሕዝ ክልስ ሓሳብ ከም ዝኾነ ዝንታወ፥ ብሰፊሕ ኣገባቡ፦ ብቃል ወይ ብፅሑፍ ክቐርብ፣ ብግጥሚ ወይ ብዙሩው ክዝንተው ከም ዝኽእል፤ ካብዙይ ሓሊፉ፦ ክድረፍ፣ ክስዕሳዕ፣ ክሰኣል፣ ክቕረፅ፣ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክኽወን ዝኽእል ቕርፂ እዩ” ዝብል ተመሳሳሊ ሓሳብ ዘለዎ ኣምር ፅሒፉ እዩ።

ካልኣይ ምድብ ኣወሃህባ ኣምር ፅብብ ዝበለን ትኹረቱ ብቃል ወይ ብፅሑፍ ኣብ ዝቐርቡ ስራሕቲ ዝገበረ እዩ። “ብዝተወሰነ ዝንተዋ ዝቐርብ ዝኾነ ይኹን ፈጠራዊ ስራሕ ዝንታወ ከም ዝኾነ እዩ” (ሃውተርን፥ 2001) ዝሕብር። ንራይሞንከናን (1983) “ዝንታወ፣ ፈጠራዊ ዝኾኑ ፍፃመታት ነንርእሶም ተሰናሲሎም ዝቐርቡሉ እዩ”። ጀነቴ (1980) ድማ ብዛዕባ ዝንታወ፣ ሰለስተ ኣምራት ኣቕሚጡ እዩ። ፈላማይ ኣምር፥ ብቃል ወይ ብፅሑፍ ዝቐረበ፥ ሓቀኛ ወይ ፈጠራዊ ዛንታ ኰይኑ፣ ናይ ሓደ ነፀላ ፍፃመ ወይ ብርክት ዝበሉ ተኸታተልቲ ፍፃመታት ኣመክንዮኣዊ ብዝኾነ መንገዲ ተዋቒሮም ዝቐርቡሉ እዩ። ካልኣይ ኣምር፦ ብቃል፣ ብፅሑፍን ካልኦት ቅርፅታትን ዝቐረበ፥ ፈጠራ ወይ ሓቃዊ ፍፃመታት ብዝተፈላለዩ ርክባት፥ ተፃብኦ፣ ብምድግጋም ንኣንባቢ ወይ ንተደራሲ ምቕራብ እዩ። ብመሰረት ኣምር ጀነቴ ቃላዊ ዝንታወታት፦ ነበረያ ነበረ፣ ዛንታ፣ ሚት፣ ኣፈ ታሪኽ፤ ካብ ፈጠራዊ ታሪካት ድማ፦ ተዋስኦ፣ ፊልሚ፣ ካርቱን፣ ሙዚቃን ስእልን የካትት። ሳልሳይ ኣምር፥ ዝንታወ ዝሕዞ ትሕዝቶን ትሕዝቶ ዝቐርበሉን መንገዲ ወይ ሓተታ ጥራሕ እንተይኰነስ ዝንታወ ናብ መድመፅቲ ወይ ኣንበብቲ ዘቕርብ ተዛራቢ ወይ ኣዘንታውን ፍፃመታቱን ዝሓዘ ቀልቢ ወይ ትኹረት እውን እዩ።

ብመሰረት እቶም ተገሊፆም ዘለዉ ሓሳባት “ዘመን ይኹን ማሕበረሰብ ካብ ዝንታወ ተፈልዩ ዝተርአየሉ ኣጋጣሚ የለን” (ሄርማን፥ 2005) ብዝብል ሓሳብ ክድምደም ይኽእል። ምኽንያቱ ሓደ ማሕበረሰብ ወይ ዘመን ብዛዕባ ሕሉፍ፣ ዘሎን ዝመፅእን ዝበሎም፣ ዝብሎምን ክብሎም ዝኽእልን ብርክት ዝበሉ ቁም ነገራት ስለ ዘለዉ “እዚኦም ድማ ዝንታወታት እዮም” (ጀነቴ፥ 1980)። ከምኡ እውን “ሰብ ብዛዕባ ምውላዱ፣ ሰቡን ከባቢኡን፣ እንትራቖቕ ድማ፥ ብዛዕባ ኣፈጣጥርኡ፣ ነገረ ፍጥረቱን ተፈጥሮን፣ ብዝተፈለለዩ መንገድታት ምግላፁ ኣይተርፍን። እዚኦም ኩሎም ብምኽንያት ትእምርቲ ዝገሃዱ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ዝዝንተዉ ዝንታወታት እዮም” (ይታገሱ፥ 2005)።

ኩሉ ነገር ዝንታወ እዩ (ኮስቴ፥ 1989፣ ችሊ፥ 2006)። ምልክቱ፣ ትእምርቱ፣ ፍልስፍንኡ፣ ባህሉ፣ ታሪኩ፣ ህንፅኡ፣ መንድቑ፣ ሓወልቱ (ኪን፥ 2006፣ ቻትማን፥ 1983፣ ኪንት፥ 2003)። ስለዚ ምዃን ሓደ ነገር ክኸውን ኣይኽእልን ኣብ እትብሎ ስለ ዝርአን ኰይኑ ዝርከብን ስለ ዝኾነ መፅንዒ እዚ መፅናዕቲ “ኩሉ ነገር ዝንታወ እዩ” ንዝብል ድምዳመ ይቕበል። ምኽንያቱ፣ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስና፦ ዝገበርናዮ፣ እንገብሮ፣ ዝነበርናዮ፣ እንነብሮን እንኾኖን ኩሉ ካብ ዝንታወ ወፃኢ ስለ ዘይኰነ፤ ከምኡ እውን

ዝንታወ ኮሉ ዘካተተ መግለፂ፥ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ስለዝኾነ፦ ብሰነድ፣ ስእሊ፣ ፍልሚ፣ ሙዚቃ ይኹን ካልእ መልክዕን ቅድን ሒዞም ንዝኽሰቱ ስነ ፅሑፋት ክህልዎም ዝኽእል ዝንተዋን ዓሚቕ ትርጉምን ንምፅናዕን ንምትንታንን ስለ ዘኽእለና።

## ሓተታ መፅናዕቲ

ኣማኒ ዝሓዞ እምነት ብዝበለፀ ክሰርፆን ናተይ ኢሉ ክሕዞን ኢኣማኒ ንምእማንን ንምስባኽን፦ ታሪካዊ፣ ፍልስፍናዊ፣ ባህላዊ፣ ሕገ ልቡናዊ፣ ግብረ ገባውን ስነ ምግባራውን ኣስተምህሮ ንምምሕልላፍ፣ ተጋዳሊ ዝሓለፎ ፈታኒ ዓለማዊ ሕይወት ንምዝካር፤ ተጋዳሊ ብፅንዓት ተጋድልኡ ዝሰርሖም ተኣምራት፣ ዝረኸቦም ትሩፋትን ኣክሊለ በረከትን ንምንጋር፤ ኣብ ተወክፎ ስቃይን መንከራን ተመስሪቶም ፅንዓት ተጋድሎ ተጋዳሊ ዘዘንትዉ ገድልታት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ተፃሒፎም ንባብ ቀሪቦም እዮም። ነገር ግና ብዓይኒ ስነ ፅሑፍ፥ ትንተናን ፍካሬን ዝተገበረሎም ገድልታት ውሱናት እዮም። ብፍላይ ብኣገባባት ዝንታወ ክሳብ ሕዚ ብሱል ዝኾነን ፍልስፍናዊ ትሕዝቶ ዘለዎን ኣካዳምያዊ መፅናዕትን ምርምርን ኣይተገበረን ምባል ይከኣል።

መፅንዒ እዚ መፅናዕቲ ከም ዘረጋገፆ፣ ኣብ ዝንታወ ኣመልኪቶም ንመማልኢ ካልኣይ ድግርን ሳልሳይ ድግርን (ዶክትሬት) ተባሂሎም ዝተሰርሑ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ረኺቡ እዩ። ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ተባሂሎም ዝተሰርሑ መፅናዕታዊ ፅሑፋት፥ ኣብ ግዘ ዝንታወ፣ ቴክኒክ ዝንታወ፣ ድምፀትን ኣትኩሮትን ዝንታወ፣ ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ትኹረት ዝገበሩ እዮም። እቶም ንመማልኢ ሳልሳይ ድግሪ ተባሂሎም ዝተሰርሑ ድማ፥ ኣብ ግዘ ዝንታወ፣ ድምፀትን ኣትኩሮትን ትኹረት ብምግባር ተሰሪሖም። ብዘይካ ኣብ እቶም ኣብዚ ዝተጠቕሱ ብፍሉይ ኣብ ኣገባባት ዝንታወ መሰረት ተገይሩ ዝተሰርሐ መፅናዕቲ ዘሎ ኣይመስልን። ስለዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ፍልጠት ክፍተት ምህላዉ እዚ መፅናዕቲ ንምፅናዕ፣ ፈላማይ መልዐሊ ምኽንያት ኰይኑ እዩ። ካልኣይ ምኽንያት ኣገባባት ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ከመይ ቀሪቦምን? ብምህላዎም እንታይ ዓይነት ፍካረ ኣለዎምን? ዝብሉ ሕቶታት ንክፅናዕ ምልዕዓል ዝፈጠሩ እዮም።

## ዕላማ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወ ንምንፃር ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብኣገባባት ዝንታወ ምፍካርን ምትንታንን ዝብል እዩ። ንእዚ ዕላማ ንምዕዋትን ኣብ ሽቶ ንምብፃሕን ድማ ቀፂሎም ዘለዉ ዝርዝር ዕላማታት ሒዙ።

i. ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወ፥ ምፍላይን ምምዳብን፤

ii. ኣምር ኣገባባት ዝንታወ ምንፃር፤

iii. ንዛንታታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብመግለፅታት ኣገባባት ዝንታወ ምትንታን፤

iv. ብትእምርቲ ዝግለፁ ገድላዊ ፍፃመታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምፍካር።

## ረብሓ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ንገድለ ኣዳምን ኣብርሃምን መርአዪ ብምግባር ንኣገባባት ዝንታወ ምፍላዩን ምምዳቡን ብሉያት ስነ ፅሑፍ ግእዝ ዓውደ (ትኹረት) መፅናዕቲ ስነ ፅሑፋዊ ክልስ ሓሳብ፣ ስነ ፅሑፋዊ ታሪኽን ስነ ፅሑፋዊ ሂስን ንምግባር ይሕግዝ። ኣገባባት ዝንታወ ብምምርማር ሚታዊ ቴማታት፣ ትእምርታውን ዓውዳውን ፍካረ ናይዘም ስነ ፅሑፋዊ መሳርሕታት ንምግላፅ ስለዘኽእል ኣብ ትርጉምን ዝምድናን እዞም ገድልታት ሓደሽቲ መነፅርታታት ንምሃብ ከምዘኽእል ይእመን።

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወን ፀለውቲ ሓሳባትን መዚዙ ብምውፃእ ኣብ ብሉይ ስነ ፅሑፍ ንዘሎ ኣካል ፍልጠት ኣበርክቶ ንምግባር ስለ ዘኽእል ኣብዚ ዓውዲ እዙይ ክህሉ ንዝኽእል ክፍተት ኣብ ምምላእ ግደ ይህልዎ ተባሂሉ ይእመን።

## ደረት መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ብመዳይ ዓውዲ መፅናዕቲ ኣብ ገድልታት ትኹረት ዝገበረ እዩ። መበገሲ ዝንታውኦም (ግዘ ታሪኽ) ካብ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝገበሩ፣ መዘዘሚ ግዘ ዝንታወ ታሪኮም ድማ ክሳብ ዳግም ምፅኣት ዝዘልቕ ኣብ ክልተ ገድልታት፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝተኻየደ መፅናዕቲ እዩ። ዝተጠቐመሉ መርአዩ ክልስ ሓሳባዊ መቓን መፅንዕቲ እውን ኣብ ስነ ዝንታወ ዝብል ዓውዲ ስነ ፅሑፍ ንዝሕቈፉ፥ ኣገባባት ዝንታወ ከም መተንተኒ ዝወሰደ ኰይኑ ኣገባባት ዝንታወ ንምሕባር ንሓሳባት፦ ጀነቴ (1980 [1972])፣ ቦንሂም (1982)፣ ቻትማን (1978)፣ ቱላን (2001)ን ንሓሳባት ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ካልኦት ሊቃውንትን ተጠቒሙ።

ሜላ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ድርሰዊ ኹይኑ ዓይነታዊ ሜላ ኣፀናንዓ ተግባራዊ ዝግበረ እዩ። ሜላ ትንተንኡ እውን ገለፃን ፍካሬን እዩ። ንመፅናዕቲ ዝኹኑ ሰነዳት ንምሕራይ ድማ ዕላማ ተኰር ሜላ ሓረያ ተፀናዕቲ ተጠቒሙ። ብመሰረት እዙይ ንመፅናዕቲ ዝተሓረዩ ገድልታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እንትኹኑ፦ ብኣገባብ ዝንታውኦም፣ ሚታውን ታሪካውን ትርጉሞም፣ ውክልናዊ ባሕርያቶም፣ ትእምርታውን ቴማውን ተዛማድነቶም፣ ብዘልዕልዎ ዛዕባ፣ ዝሽፍንዎ ዘመን፣ ኣብ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ብዘለዎም ትርጉምን ፍካረን ዝተሓረዩ እዮም።

## ኣምራዊ መቓን መፅናዕቲ

### ኣምር ገድል

ገድል፥ መግለፂ ፅኑዕን ድልዱልን እምነት ቅዋምን እምብለይ ብእምነተይ ኣይደራደርን፣ እምነተይ ኣሕሊፈ ኣይህብን፣ ንዕላማይ ክስዋእየ ኣይሰዓርን ኢደይ እውን ኣይህብን ብምባል ፅኑዕ መትከልን ሓቃዊ እምነትን ዝረአየሉ ኰይኑ ኣብ ጥንታዊ ስነ ፅሑፍ ምስ እምነትን ኣምልኮን ፈጣሪ ዝተሓሓዘ እዩ (ሚሽል፥ 2005)። እዙ ሓሳብ እዙይ፣ "ገድል፥ ቅዱሳንን ፃድቃንን ምእንቲ ልኡል እግዚኣብሔርን ምእንቲ ቅዱስ መስቀልን ከምኡ እውን ምእንቲ መንግስተ ሰማያት ክብሉ መንከራ ተዓጊሶም፥ ብፆም፣ ብፀሎት፣ ብምናነ ካብ ዓለም ተፈልዮም ዝረኸብዎ ክብርን በረከትን ዝናገር እዩ" (ሽናይደር፥ 1958) ብዝብል ሓሳብ ይጠናኸር።

ገድል፦ ዝበፅሖም መንከራን ስቃይን ብምዕጋስ፣ ናብ ሞት ዘብፅሕ ግርፋት ዝተገረፉ፣ መስሓቕን መሳለቕን ኰይኖም ኣብ ቤት ማእሰርቲ (ሞቅሕ) ዝተፈተኑ፣ ብእምኒ ተወቒፆም ዝሞቱ፣ ብምጋዝ ዝተቈረፁ፣ ብሰይፊ ዝተሰየፉ፣ ናብ ግሩማን ኣራዊት ዝተደርበዩ፣ ብእሳት ዝተቓፀሉ፣ ኵሉ እናሰኣኑ መንከራ ዝተቐበሉ፣ ቈርበት ለቢሶም ዝተንከራተቱ፣ እምኒ ተተርኢሶም፣ ፃምኣ ጎሮሮ (ጉርኤ) ብኣለለይ ኣርሒሶም ምእንቲ እምነቶም ኢሎም ዝገበርዎ ተጋድሎ ዝነግረና መፅሓፍ እዩ" (ዕብ. 11፥ 33-38)።

ገድል፦ ቅዱሳንን ፃድቃንን፥ ቁረ ሌሊትን ፀብኣ ኣጋንንትን ክኢሎምን ብፆምን ፀሎትን ስዒሮምን መፍርሕን መርዐድን ዝኹነ ድምፂ ኣራዊት ተዓጊሶም፣ ሃሩር ፀሓይ ኣስሓይታ ወጋሕታ ተሸኪሞም፣ ካብ ዓለማዊ ናብራን ስጋዊ ተግባርን ርሒቖም ብነብሶም ንዝረክብዎ ዓለም ብምትስፋው ኣምላክ ንምግልጋል ዝፍፀምዎ ተጋድሎ እዩ። እዞም ኵሎም ፍፃመታት ዝሓዘ ስነ ፅሑፍ ድማ፣ ገድል ይበሃል (ካፕላን፥ 1997)። ምኽንያቱ ገድል፥ እምነት ተጋድሎ፣ ፃድቃንን ሰማዕታትን ዝዝክርን ብቅብኣ ነከራ ፀጋ ልዕለ

ተፈጥሮኣዊ ሓይሊ ኣብ ልዕሊኦም ሓዲሩ ንሓይልታት ገባርያነ እከይ ከም ዝሰዓሩን ዘዘንትው ስለ ዝኾነ (ግራብችን ሮበርትን፥ 1985)። ስለዚ ገድል፥ ብሓደ ገፅ መንከራን ስቃይን ዘመልክት ፍፃመ፣ ብእቲ ካልእ ገፅ ድማ ተጋዳሊ፥ ንዝገበሮ ተኣምር፣ ዝረኸቦ መንከራን ስቃይ ሰኒዱ ዝሓዘ ስነ ፅሑፍ (መፅሓፍ) ዘመልክቱ ክልተ ዓበይቲ ቁም ነገራት ዝሓዘ እዩ።

ገድልታት፥ ብዓይኒ እምነት እንትረአዩን እንትግለፁን፦ ምፅላእን ምምናን ዓለማዊ ናብራ፣ ውፃእ ውረድን ከርተንን፣ ጥምየትን ዓፀባን፣ ተስፋን ቀቢፀ ተስፋን፣ ምንባርን ሕልፈትን፣ ምስያፍን ምርካብ ቃል ኪዳንን፣ ሰማእትነትን ኣክሊልን፣ ቅዱሳን፣ ፃድቃን፣ ሰማእታት፣ ዝነግሩ እንትኾኑ “ብመዳይ፦ ከዊንነት ፍልፍላት መፅናዕቲ ታሪክ፣ ኣዘነታትውኦም፣ ምስንሳል ሓሳባትን ዝተዋቐርሉ ሜላን ኣስተብሂልኻ ንምዕባለን ዕብየትን ዘመናዊ ስነ ፅሑፍ ልዑል ግደ ኣለዎም እዩ” (ካፕላን፦ 1982)። ካብዚ ብምብጋስ እዚ መፅናዕቲ፥ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን መሰረት ዝገበረ እዩ። ዝካየድ ትንተናን ፍካረን እውን ብኣገባባት ዝንታወ እዩ።

**ኣምር ኣገባባት ዝንታወ**

ኣገባባት ዝንታወ ብመንጽር ዕድመ እንትረአዩ “ታሪክ ኣገባባት ዝንታወ፣ ካብ ግዘ ኣሪስቶትል ይጅምር” (ፔኪ፥ 2015) ዝብል ሓሳብ ንረክብ። ትዕይንትን ኣሕፅሮትን ዝብሉ ክልተ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታወ ከምዘለዉ (ቻትማን፥ 1978) ኣብ ትሕቲ ትዕይንት፥ ምርኣይን ምንጋርን ዝብሉ ንኡሳን ኣገባባት ዝንታወ እንትህልዉ፥ ገለፃን ርእይቶን ድማ ንኡሳን ክፋላት ኣሕፅሮት እዮም (በንሂም፥ 1982)።

ልዕል ክብል ንምግላፅ ከም ዝተፈተነ ኣገባባት ዝንታወ፥ ትዕይንትን ኣሕፅሮትን፥ ብዝብሉ ክልተ ዓበይቲ መግለፅታት ዝንታዋ ዝፍለጡ እዮም (ራይሞን ከነን፥ 1983)። ስለዚ እቶም ቀንዲ ኣገባባት ዝንታወ ሓደ ምሉእ ይኹን ክፋል ስነ ፅሑፍ ክቐርበሉ ዝኽእል፥ መንገድታት፣ ንዝምድናታትን ርክባትን፥ ድግግማውን ንቀድም ስዓብ ንውሓት ግዘን ዝኽተሉ እዮም። ብምኳኑ እውን “ኣብ መንጎ፥ ምርኣይን ምንጋርን ዘሎ ልምዳዊ ፍልልይ ሙብዛሕቲኡ ግዘ፣ ምስ ምምስሳል ወይ ምቕዳሕን ምንጋርን ዝተኣሳሰረ ዝምድናታት ፈልዮም ብምውፃእ ይትንትኑ” (ጆን፥ 2021) ነገራት ዘለዎም ኣባብ ዝንታወ ፈሊኻ ንምውፃእ ምርኣይን ምንጋርን ቀንዲ መግሃድቲ ምኳኖም የርእይ።

ስለዚ ከም ሓሳብ መገስገስቲ እዚ ክልስ ሓሳብ፣ ኣገባባት ዝንታወ፣ ፍፃመታት ዝቐርቡሉ ኣገባብ መሰረት ብምግባር እንትርአዩ፥ ትዕይንትን ኣሕፅሮትን፥ ዝብሉ ክልተ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታወ ዝሓዙ እዮም (ጆን፥ 2021፣ በንሂም፥ 1982፥ ጀነቴ፥ 1980 [1972]፣ ራይሞን ከነን፥ 1983፣ ቻትማን፥ 1978)። እዞም ክልተ ዓበይትን ኣብ ነብሲ ወከፎም ዘለዉ ንኡሳን መግለፅታትን ኣገባባት ዝንታወ ድማ መተንተንን ፈከርን ንመፅናዕቲ ዝተሓረዩ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ኰይኖም ኣለዉ።

## ትንተና መረዳእታ

### ትዕይንት

ትዕይንት[6] ትሕዝቶ ስነ ፅሑፍ ከምዝርአ ገይሩ ንምቕራብ ዘኽእል ሓደ መሰረታዊ ባእታ ኣገባባት ዝንታወ እዩ። ፀሓፍቲ ከም ዝርርብ (ምልልስ) ዝኣመሰሉ ብልሓታት ወይ ኣገባባት ብምጥቃም ትዕይንት ይፈጥሩ። ዝርርብ ድማ ተደረስቲ ንእቲ ትሕዝቶ ንምጭባጥ ወይ ንምርዳእ ዘኽእሎም ኰይኑ ብስምዒት ሕዋሳቶም፦ ብምርኣይ፣ ብምድህሳስ፣ ብምጥዓም፣ **ብምሽታት**

[6] ፍፃመታት ብመልክዕ ተዋስኦ ቀሪቦም ኣብ ኣእምሮ ተደራሲ ምስሊ ዝፈጥርሉ ብልሓት ዝንተወ እዩ። ኣብ ትዕይንት ኣንድም ተግባራዊ ስራሕ ወይ ተዋስኦ ህሉው እዩ። ኣንድም ተዘካሪ ዝኾነ ምስሊ ምፍጣር ኣሎ።

ንከስተማቕሩ ዝሕግዞም ብልሓት ኣዘነታትዋ እዩ (ጀነቴ፥ 1980፣ ቻትማን፥ 1980)። ኣብ ዛንታታት ገድለ ኣዳም ትዕይንታዊ ኣዘነታትዋ ካብ ዝረአየሎም፡-

> መልኣክ ንኣዳም ወፂእኻ ካብ ዕሾኽ ዘለዎ ተኽሊ፣ ዕሾኽ ኣምፅእ በሎ። ኣዳም ወፀ፣ መልኣክ እግዚኣብሔር ከም ዝኣዘዞ ድማ ኣምፅአ። መልኣክ ኣብ ቅድሚኦም ጀመረ፣ ብኣምሳል ዝተሰፈየ ክዳን ቈርበት ንክሰርሑ፤ ዕሾኽ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚኦም ምስፋይ ጀመረ። ክዳን ኰነሎም፣ ንነብሲወከፎም ድማ ኣልበሶም። ንንባዕሎም ዝረኣአዩ ዝነበሩ ሽዑ ዕሩቕ ዝነበረ ስግኦም ተኸደነ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወመልኣክሰ ይቤሎ ለኣዳም፣ ጻእ ወኣምጽእ እም ኣሥዋከ በቀልት። ወወጽአ ኣዳም ወኣምጽአ በከመ ኣዘዞ፣ መልኣከ እግዚኣብሔር። ወወጠነ መልኣክ ቅድሜሆሙ፣ ይግበሩ ኣምዕስተ፣ በኣምሳለ ዘይቀጽዕ ቀሚሰ። ወነሥአ ኣሥዋከ ወተከለ ውስቴቱ፣ ቅድመ ዓዕይንቲሆሙ። […] ወኮነ ሎሙ ኣልባሰ ወኣልበሶሙ ኪያሆሙ፣ ውእተ ጊዜ ተከድነት ዕርቃነ ሥጋሆሙ፣ ዕምርዕየተ ሥጋሆሙ ዓዕይንት ዘበበይናቲሆሙ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

ኣብዚ ኣንባቢ ብዓይነ ሕሊንኡ ከም ዝርእይ ዘሎን ኣብ ግብራዊ ስራሕ ተጋዳሊ ከም ዝሳተፍ ዘሎን መሲሉ ንክስምዖ ዝገብሩ ምርኢታዊ ዝኾኑ ኣገላልፃታት ኣለዉ። እቶም ትዕይንታዊ ኣገላልፃት፡- ዕሾኽ ምምፃእ፣ ምውፃእ ኣዳም፣ ብኣምሳል ቀሚስ ንቈርበት ብምስፋይ ምስራሕ ልብሲ፣ ምሽፋን ዕርቃነ ስጋን ዝብሉ እዮም። እዚኦም ድማ፥ ደጋውን ውሽጣውን ዝብሉ ክልተ መልክዕ ከሲተ ሕይወት ይሕዙ። እቶም መልክዓት፥ ብዕሾኽን ቈርበትን ዝተወከሉ ኣብ ኣእምሮ ተደራሲ ምስሊ ዝፈጥሩ ትእምርትታት እዮም። ደጋዊ ትእምርቲ ዕሾኽ፥ ዝወግአካ ነቒስኻ እተውፅአሉ፣ ዝደለኻዮ ንምሕዛእ ከም ሓፁር እትጥቀመሉ፣ ዘየቕርብ ተዋጋኢ፣ ክትሪኦ ዘፍርሕ፣ ክትሕዞ ዘፀግም ተፈጥሮኣዊ ተኽሊ የመልክት። ውሽጣዊ መልክዑ ድማ፥ ዕሾኽ ትእምርቲ፥ ኣሜከላ፣ ተንኰል፣ ክፍኣትን በቀልን እዩ። ኣብዚ ዘሎ ዕሾኽ ግና ካብ ነባራዊ ርትዒ ዝወፀ ንምፍልላይ ዘይኮነስ ዝተፈላለዩ ንምጥማር ጠጠው ዝበለ እዩ። እዚ ኲይኑ ምምፅኡን ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣራኺቡ ምኽንያት መጋረጃ ዕርቃነ ስጋ ምዃኑን ኣብ ሰሌዳ ልቡና ዝሰኣል ምስሊ ኣብ ኣእምሮ ዘንት ዕለት ዝሽክርከር ሓሳብ ኣሎ።

እቲ ምስለ ሓሳብ፥ *ብኣምሳል ዝተሰፈየ ክዳን፣ ካብ ቈርበት ንክሰርሑ፤ ዕሾኽ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚኦም መልኣክ ምስፋይ ጀመረ* **"ወወጠነ መልኣክ ቅድሜሆሙ፣ ይግበሩ ኣምዕስተ፣ በኣምሳለ ዘይቀጽዕ ቀሚሰ"** ዝብል እዩ። ቈርበት ብዕሾኽ ምስፋይን ተሰፍዩ ሓድነት ፈጢሩ ሓፍረተ ስጋ ክሽፍን ምኽኣሉን፡- ኣዳም እንበለ በቀል ወቂም ካብ ሕቱም መሬት ስጋ ለቢሱ ምፍጣሩ (ትእምርቲ ሕቱም መሬት ድንግልናን ንፅሕናን እዩ)፣ ውርዝብና ኣዳም ብቂምን በቀልን ዘይተመልአ ምንባሩ ንምርኣይ፤ ከምኡ እውን "ሕዚ ካብ ልምሉም ተኽሊ ዘምፃእኻያ ዕሾኽ ደሓር ካብ ኣብራኻ ዝፈርዩ ተንኰለኛታት ክህልዉ እዮም" እንትብል፤ "ብኣብሶ ስጋ መርገመ ነብሲ ክረኽበካ እዩ" ንምባልን "መዋዕል ሕይወትካ ብፈተና ክትሕልፎ ኢኻ" ዝብል መልእኽቲ ንምትሕልላፍ እዩ።

ካልእ፥ ምልባስ ቈርበት እንስሳ፣ ትእምርቲ ሞት[7] እዩ። እንስሳትን ሰብዋና እቶም ቈርበት ኲይኖም ዘለዉ እንስሳትን ከም ዝሞቱን ከም ዝበለዩን ኲሉ ኣዳምን ዘርኡን እውን እዚ ሙስና ከም ዝረኽቦም ንምርኣይ እዩ። ምልባስ ዕርቃነ ስጋ፣ ንሕልፈት ስጋን

---

[7] ነገረ ሞት፣ ፍካሬኡ ብዙሕ ኣንድምትኡ ረቂቕ እዩ። ኣካላዊ ሞት ምፍልላይ ነብስን ስጋን (ዘፍ. 3፥ 19)። መንፈሳዊ ሞት ካብ ሰናያን ተግባራት ምፍላይ፣ ካብ ፈጣሪ ምርሓቕ፣ ክሕደትን ጥልመትን ኣካል ሕይወትኻ ገይርኻ ምንቅስቓስ (ዘፍ. 3፥ 22-24)። ዘለኣለማዊ ሞት ሰብኣውነትኻ ምርሳዕ፣ ብሕይወተ ስጋ ኣብ ዓለም እናሃለኻ ንህላወኻ መዘከሪ ክኸውን ዝኽእል ሰናይ ስራሕ ከይሰራሕኻ ምሕላፍ፣ ብኽፉእ ግብርኻ ድማ ናብ ዘለዓለማዊ ስቃይ ወይ ሲኦል ምእታው (ማቴ. 25፥ 41፤ ራዕ. 20፥ 14)። ካልእ፥ ሞት ኣንፃር ህልውናዊ ህላወ ጠጠው ዝበለ ሓይሊ እዩ። ማእምራነ ህልውናዊ ህላወ ከም ዝብልዎ ህልውናዊ ህላወ ሕቶ ነፃነትን ሓርነትን እዩ። ተጋዳሊ፥ ካብ ንባዕልኻ ጥፍኣተኛ ገይርኻ ምሕሳብ፣ ፀፀት፣ ፍርሓትን ተጠራጥሮን ዝኣመሰሉ ዓርሰ እምነትን ዘለኣለማዊነትን ዘስእኑ መቕፃዕትታት ህላወ ነፃ እዩ። ብምዃኑ ርትዓዊ ተጋዳሊ ንሕይወታዊ ሞቱ ብፀጋ ይቕበል (ካምቤል፥ 1968፣ ቴዎድሮስ፥ 2008)። ነገረ ሞት እንትለዓል ወዲሰብ፥ ሰውነቱ ስኽፍኽፍ ይብሎ፣ ይፈርሕ፣ ይንቅጥቀጥ፣ ሞት ናብ ዘይብሉ ኣርሒቑ ክኸይድ ይደሊ። ይኹን እምበር ምስኡ ተፈጢሩ ሓቢርዎ

ብመቓብር ምኽባትን የፈክሩ። ብምኽንያት እቶም ትእምርቲ ኣብዚ ዝርአ ግብሪ ስለ ዘሎ ኣብ ሕሊና ራዕድን ፍርሕን ህልዋት እዮም። ዕርቃነ ስጋ ሓፍረት፣ ምኽዳን ማእሲ ድማ ስኽፍታ ሰውነት፣ ምርኣይ ዕሽኽ እውን ምሽምራር ኣካላተ ስጋ የምጽኡ። እዚኦም ካብ ኣእምሮ ዘይጠፍኡ ትዕይንታዊ ኣገላልፃታት ኰይኖም ኣንባቢ ንባዕሉ ኣብቲ ፍፃመ ኣእትዩ ዝተፈጠረ ክስተት ከምናቱ ገይሩ ንክወስዶን ስምዒት ተጋዳሊ ንክካፈልን ዝገብሩ እዮም። ክምሓላለፍ ንዝተደለየ መልእኽቲ ድማ ርዝነት ንክህልዎን ካብ ታራነት ናብ ዝኸበደ ተተኳረነት ንክሰጋገርን ዝገብር እዩ።

ዝቐረበ ኣብነት ከም ዘሎ ኰይኑ፣ ትዕይንታዊ ዝኾነ መልክዕ ኣዘንታትዋ ዘለዎ ካልእ ኣብነት ካብ ገድለ ኣብርሃም ከምቲ ቀፂሉ ዘሎ ቀሪቡ ኣሎ።

> ኣብርሃም ይበኪ ነይሩ፣ ርእሱ ኣብ መንጎ ኣብራኹ ገይሩ፣ ንብዓቱ ብምዕጉርቱ ክሳብ ዝፈስስ በኸየ። ሳራ እንትበኪ ሪኣ ብጣዕሚ ሓዘነት፤ “ኣንታ ርህሩህ ዓርከይ ኣብ ኵሉ መንገድኻ ሕጉስዶ ኣይነበርኻን ሕዚ እንታይ ኰይንካ ትሓዝን” በለቶ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።
>
> *ወነበረ ኣብርሃም እንዘ ይበኪ፣ ወወደየ ርእሶ ማእከለ ብረኪሁ፣ ወበከየ እስከ ውኅዘ ኣንብዑ ዲበ መላቲሒሁ። ወሶበ ርእየት ሣራ ጥቀ ኀዘነት፣ ወትቤሎ፣ ኦ ዓርክየ መሓሪ ምንተ ኮንከ ተኀዝን ኰንከ በኵሉ ፍናዊከ ፍሡሓ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ኣብዚ፣ ትዕይንት ዝፈጠሩ መልክዓት ዝንታው፦ ኣብ መንጎ ክልተ ኣብራኽ ርእሲ ምድፋእ፣ ምብኻይን ብምዕጉርቲ ንብዓት ምፍሳስን ሓዘን ብፅይትን እዮም። ብምኳኑ፣ ዝተፈፀመ ፍፃመ ተዘካሪ ምስሊ ሃልይዎ ኣብ ሰባት ዘሎ ዘወትራዊ ሕይወት የርእይ። ብሓዘንን ደስታን ዝግለፅ ሕይወት ንስምዒት ነኺኡ ልቡና ክትርእይ ስለ ዝገብር፤ ስምዒት ድማ ምስ ኣእምሮ ተራኺቡ፥ ሓላይነት፣ ሓሳብነትን ተንባይነት ወዲሰብ ክትፍክር የኽእል። ስለዚ ሓዘን፣ ደስታ፣ መንገዲ ትእምርቲ ሕይወት ኰይኖም፦ ንሰብ፣ ተፈጥሮ፣ ነገረ ተፈጥሮ ሰብን ዓለምን እንፍክረሎም መክስታነ ህላወ እዮም።

*ኣብርሃም ይበኪ ነይሩ* **“ወነበረ ኣብርሃም እንዘ ይበኪ”** ነገረ ብኽያት ተጋዳሊ፦ ምረት ዓለም፣ ዓቕብ ቍልቍል፣ ድኻም፣ ቀቢፅ ተስፋ፣ ምስኣን ሲሳይ ዕለት፣ ተዘክሮ ስደትን ባርነታዊ ሕይወትን ብዝብሉ ይፍክሩ። ምፍሳስ ንብዓት (ውኂዘ ኣንብዕ) ድማ ዜናውያነ ሞትን ወሪደ መቃብርን እዮም። ኣብ ቀቢፅ ተስፋ፥ ፅንዓትን ትብዓትን ከም ዘሎ ድማ ተጋዳሊ ብብፅይቱ እንትፅናዕናዕ ይርኣ። እዚ ድማ ነባራዊ ህላወ ሰባት ብከምዙይ ዝኣመሰለ ኩነት ከም ዝተሓፀረ የግህድ።

ተጋዳሊ ርእሱ ምድፍኡ፥ ነገረ ትሕትና ንምርኣይ፣ ሕሉፍ ሕይወቱ ንምዝካር፣ ህልው ሕይወቱ ንምግምጋምን መፃኢ ሕይወቱ ንምትንባይን፣ ኣርምሞን ምንፃግ ሓሳብን፣ ፅጡቕ ይኹን ሕማቕ ብዘየገድስ ዘሎ ነባራዊ ኩነት ንዘይምርኣይ (ኢሳማዕነ ወኢርኢነ) የመልክተና። *ርእሱ ኣብ መንጎ ኣብራኹ ገይሩ* **“ወወደየ ርእሶ ማእከለ ብረኪሁ”** ርእሱ ኣብ መንጎ ክልተ ኣብራኹ ምግባሩ እውን፥ ሕልፈት ውርዝዌ ምምፃእ ርስእና፣ ምድላይ ሓገዝን ድጋፍን፣ ሕልፈትን ርደተ መቃብርን የዘኻኽሩ፤ ትካዘን ሓዘንን የውስኡ። “ደቀይ ብድሕረይ እንተይኹን ክኾኑ ይኽእሉ (ትካዘ)” እንትብልን ድሕሪ ሽንግልና ተኣሳሲሩ ኣብ ገዛ ዝውዕል እምበር

ዝዓበየ፦ ኣብ ሓዉ፣ ሓፍቱ፣ ዓርኩ፣ ዘመዱ፣ ጐረበቱ፣ እንተጋጥም ብኣካለ ስጋ ዝረአዮ ሞት ዘርዕዶን ዘፈርሖን፣ ሞት ሓዱሽ ኰይንዎ ኣይኰነን (ሀድጋር፥ 1949)። ወዲሰብ ንሞት ዝፈርሖሉ ምኽንያት፥ ሓላፍነት ዘይምውፃእ፣ ልእኽቶ ዘይምፍፃም፣ ጉዕዞ ሕይወት ብጅግንነትን ዓወትን ዘይምኽምባት፣ ሰብ ናይ ምዃን ግቡእነት ዘይምፍፃም ክኸውን ይኽእል። ብኻሊእ ኣበሃህላ፦ ዝወጠንኻዮ ዘይምኽምባት፣ ኣብ ዝሓሰብኻዮ ዘይምብፃሕ፣ ብዘለኻዮ ዘይምዕጋብ፣ ኣብ ግዘ ንእስነት ምቅዛፍ እዩ ፍልፍል ፍርሓት ሞት (ቤከር፥ 1973)። ሞት ብኩነተ መዋቲ ዝውሰን ትንቢታውነት ዘለዎ ክስተት ተፈጥሮ እዩ። ንዝሓለፈ ካብ ምውካእን ዘሎ ካብ ምቕራፅን ሓሊፉ፣ ንፅባሕ እተራቕቕሉ፣ ንድሕሪ ፅባሕ እትትንብየሉ፣ ከይሓሰብኻዮ ከመ ቅፅበት ብገሃድ ኣብ ልዕለኻ ዝኽሰትን ከይፎተኻ ብፀጋ እትቕበሎ፣ ማዕርነት ዘይረአየሉ ግና ሰባት ሚዛን ማዕርነታዊ ፍትሒ ገይሮም፦ ዝወስድዎ፣ ዝኣምንሉ፣ ዝቕበልዎን ዝተቐበልዎን ትዕድልቲ ብህላወ ዝፍረጁ ፍጡራን እዩ። ዓቢዪ እናሃለወ ንኡሽተይ ምሟቱ፣ ሕሙም እናሃለወ ጥዑይ ብሃንደበታዊ ሓደጋ ምውሳዱ፣ ንሰነፍ ገዲፉ ንጅግና ምቕንፃሉ ሞት ኣብ ዘይማዕራዊ ፍትሒ የመድቦ። ይንኣስ ይዕበ፣ ይሃፍትም ይድኸ፣ ይመሃር ኣይመሃር፣ በዓል ስልጣን ይኩን ታራ ብዘየገድስ ሞት ኵሉ ዝቋደሶ ምዃኑ ድማ ሞት ማዕረኣዊ ፍትሒ ኣለዎ ንብሎ። እንተ ኵሉ ፍጡር ካብ ሞት ዘይተርፍ ምኳኑ ንምረኣይ ግና ኣብ ገድለ ኣዳም ዘሎ ተጋዳሊ እዚ ዕፃ ከም ዝበፅሖ ኣምሲሉ ብትእምርተ ቈርበት ገይሩ ቀጻሊ ትዕድልቲ ወዲሰብ ኣሪእና።

ጐይዩ ድላዪ ዝፍፅምን ዘፈፅምን ብርኪ ከም ዘየለ እንተዘኻኽር እዩ። ምውራድ ንብዓት እውን፥ ርህሩሃ ልቡናን ሓዘነ ከርስን ይነግሩ። ድካመ ስጋን ቀቢፀ ተስፋን የውስኡ። ኣብ ኵሉ መንገዱ ሕጉስ ከም ዝነበረ ብፅይቱ ምንጋራ ሕሉፍ ጉዕዞ ሕይወት ተጋዳሊ፣ ፍስሃን ሃሴትን ዝመልኦ ምንባሩ የሪኣና። እዚኦም ኵሎም ወርትግ እንነብሮምን እንትግብሮምን ኰይኖም ጣዕሚ ሕይወት ክንፍክረሎም ዘኽእሉና ቦኽሪ ሓሳባት … ውልቃውን ማሕበራውን ነባራዊ ጉዕዞ ሕይወትና ክንግምግምን ከመይ ምስ ተፈጥሮ ኣጠዓዒምና ክንኸይድ ከም ዘለናን ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ትምህርቲ ዘስንቑ እዮም።

ኣብ ትዕይንት ዝበሃል መልክዕ ዝንታው፥ ዝንተዋ ገድላዊ ፍፃመታት፣ ምንቅስቓሳት፣ መስተንክራውን ተኣምራውን ፍፃመታትን ክስተታትን ንሕሊና ዝቐረቡ ምናባዊ ምስሊ ይፈጥሩ፤ ንነገራት በዓይነ ሕሊና ክትርእይ የኽእሉ፤ ብእግሪ ልቡና ተጓዒዝካ ዝረቐቐ ምስጢር ክትፍክር ክትትንትንን በሪ ይኸፍቱ።

> ኣዳም ብየመና ሓይሊ ሙቀት ዝቃፀል ዘሎ እሳት ካብ ምድቃሱ ተልዓለ። ዝተቐፀለ ስርናይ ረአየ፤ ኣብ መትሐዚ ዝነበረ ማይ እውን ፈሲሱ። በኽዩ ናብ በዓቱ ተመለሰ። ሰይጣን መልኣክ መሲሉ፣ እንታይ ኰይንካ ትሓዝን ዘለኻ፣ ብጥምየትን ፅምእን ይመስለኒ በሎ። ስርናይኻ ሰይጣን ድዩ ኣቃፂልዎ፤ ኣዳም እወ በሎ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወእም ዕፀበ ላኅበ እሳት ተንሥአ ኣዳም እምንዋሙ። ወነጸረ ሥርናየ ዘውዕየት፣ በማኅየብ ማይኒ ዘኀቤሁ ተክዕወ። ወበከየ ወተመይጠ ኀበ በዓት። […] ወይቤሎ ሰይጣን ለኣዳም ተመሲሎ መልኣክ ምንተ ኮንከ ዘተኀዝን በረኀብ ወጽምዕ ይመስለኒ፤ ዘኣውዓየ ብከ ሰይጣን ሥርናየከ። ወይቤሎ ኣዳም እወ (ገድለ ኣዳም፣ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

ሓይሊ ሙቐት፣ ዝቃፀል ዘሎ እሳት፣ ካብ ድቃስ ምትሳእ፣ ዝተቓፀለ ስርናይ ምርኣይ፣ ኣብ ሒላብ ዝነበረ ማይ ምፍሳስ፣ ብኽያት፣ ምምላስ ናብ በዓቲ፣ መልኣክ መሲልኻ ምርኣይ፣ ትዕይንታዊ ኣገላልፃታት እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ግብራዊ ክስተት ዝተፈጠረ ኣካላዊ ምንቕስቓስን ዝረርብን ኣሎ። ምስ እዙይ ሓቢሩ ርኡይ ዝኾነ ትዕይንታዊ ፍፀመ እውን ተኸሲቱ እዚ ድማ ስንእው ኣዘነታትዋ ኣብ ውሽጢ ዝንታወ ምክታት ከም ዝኾነን ኣብ ውሽጢ ትዕይንት፥ ምስሊ ፈጣሪ ምልልስን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ክልቲኦም ህልዋት ምኺኖም ዘረጋግፅ እዩ።

*ብየመና ሓይሊ ሙቐት ኣዳም ካብ ምድቓሱ ተሲኡ* **"ወእም ዕፀበ ላኅበ እሳት ተንሥአ ኣዳም እምንዋሙ"** ማለቱ ተጋዳሊ፥ ብምሒር ጭንቂ፣ ፃዕቒ መንከራን ምድርራብ መረርቲ ሓሳባትን ቀሲኑ ክነብር፣ ልቡ ረጊዕሉ ክንቀሳቐስ፣ ሕሊንኡ ኣሚንሉ ክፍፅም፣ ኣብ ዘይኽእለሉ ደረጃ ምብጽሑ ንምጥቋም እዩ። ዝተቃፀለ ስርናይ ምርኣዩ ድማ ስርናይ ትእምርተ ፍርያትን ውሉድን እዩ። ምቅፃሉ፥ ሞተ ውሉድን ሓዘነ ከርስን ከም ዘሎ ኣርእዩ። ምፍሳስ ማይ እውን ምፍሳስ ንፁህ ደም ይነግር።

ካልእ፥ ንትዕይንት መግለፂኡ ስንእው ዝንታወ እዩ። ኣብ ስንእው ዝንታወ ድማ፣ ፃንሒት ግዘ ዝንታወን ፃንሒት ግዘ ዘንታን ማዕረ ዝምድና ኣለዎም። ኣብዚ እንሪኦ ዘለና ፍፃመ እውን ንሱ እዩ። ንቅፅበታዊ ክስተት ቅፅበታዊ ዝንተዋ። ብእዚ ትዕይንት ሓዘል ዝንታወ ኣቢሉ ዝፍከር ምስጢር ድማ ኣሎ። ብሓይሊ ምቅፃል እሳት ነበልባሉ ሓይልዎ ኣዳም ካብ ድቃሱ ምትስኡ፣ ምረት ናብራ ዓለም፣ ውረድ ደይብ፣ ፅዒርኻ ግዒርካ ምንባር፤ ምቅፃል ስርናይ፥ ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ ሞተ ቦኽሪ ከም ዝርእይ፣ ብሞተ ቦኽሪ (ኣቤል) ኣምሪሩ ከም ዝበኪ፣ ድሕሪ ሓዘን ፍስሃ ከም ዘሎን ብሕዝኑ ከም ዘይቅፅልን ብምምላስ ናብ በዓቱ ገይሩ ኣርእዩና። ገባሪ እከይ መልኣክ ተመሲሉ ምርኣይ ድማ ደሓር ደቂ ደቁ ንኣዳም ዝገብርዎ ኣብሶን ኣበስኦም ሸፊኖም በደሎም ናብ ካልእ ከም ዘሰብብዎን ንምጥቋም እዩ።

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ትዕይንታዊ ኣዘነታትዋ ብሰፊሑ ይርአ። ብምዃኑ ትዕይንቲ ዝመልኦ ዝንተው እቶም ገድልታት፥ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮ ብዝቐለለ መንገዲ ክትርዳእ የኽእል። ኣብ ሕልፈተ ሕይወት ዘጋጥም ክስተት እንታይ ከም ዝመስል ብኣጋ ትርዳእ። ብእዚ ኣቢልኻ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ማኅደር ኣገባባት ዝንታው ምዃኖም ትግንዘብ።

> ኣብርሃም በኸየ፣ ድምፁ ኣበርቲዑ ተደሃየ፣ ኣብ ከባቢ መደቀስየይ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ክትፈልጥ ነዓ ቐረብ ኢሉ ንወዱ ይስሓቅ ፀውዖ። ዘፍረሐኒ እዙይ እዩ፣ ብእኡ እየ [እውን] ደንጊፀ። እርጋነይ ኣድኺምኒ ዓይነይ ምርኣይ ኣብዩኒ፣ እንታይነቱ ክፈልጥ ኣይከኣልኩን (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *ወበከየ ኣብርሃም፣ ወከልሐ በልዑል ቃል፣ ወጸውዖ ለወልዱ ይስሐቅ፣ እንዘ ይብል ቅረብ ኀቤየ ኦ ወልድየ ከመ ታእምር ዘንተ ዘየንሥሥ ዓውደ ምስካብየ፣ ዝንቱ ዘዓፍርሓኒ ወደንገጽኩ በእንቲኣሁ እስመ ደክመኒ ርስእናየ ወከብደ ዓዕይንትየ ወኢየኣምር ዘንተ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ብኽያት ተጋዳሊ፣ ዓው ኢልካ ምፅዋዕ፣ ኣብ ከበቢ መደቀሲ ተጋዳሊ ዘሎ ምንቅስቓስ፣ እርጋን፣ ምድኻም ዓይኒ፣ ኣብ ዝብሉ ኣገላልፃታት ትዕይንታዊ ዝንታው ኣሎ። ኣብዚ ዝንታው ብእርጋን ኣብ መደቀሲኡ ዝግበር ዘሎ ዘይፈልጥ፣ ኣዒንቱ ፈልዩ ነገራት ከለሊ ዘይኽእልን ሓገዝ ካልእ ኣካል ዝፅበ ሽማግለን ኣሎ። እርጋን ዝፈጠሮ ዓርስኻ ዘይምኽኣል፣ ዝነበረ ጉልበት ጠሊምካ ተደጋፊ ምዃን፣ ካብ ሓጋዛይ ናብ ተሓጋዛይ፣ ካብ ጠዋራይ ናብ ተጠዋራይ፣ ካብ መፅዋታይ ናብ ተመፅዋታይ ዝተሰጋገረ ጐስቈልቈል ዝበለ ሽማግለ ኣብ ኣእምሮ ተደራሲ ይቅጀል። ኣብ ኣእምሮ ቅጅልታ ዝፈጠረ ዝንታው ፍካሬኡ እንታይ ኹን ይኸውን ዝብል መልሲ ንምድላይ መሊሱ ሕቶ ኰይኑ ምስ ምስሉ ይኸሰት። ኣብዚ እዩ ድማ ቦኽሪ ሓሳብ ዝርከብ።

ነገረ ቦኽሪ ሓሳብ ካብ ተልዓለ *ኣበርቲዑ ተደሃየ* **“ወከልሐ በልዑል ቃል”** ዝብል ምድኻም ውርዝብና ምስዓር ሽምግልና ይነግር። ድሕሪ ደጊም ብእግረ መንፈስ እምበር ብኣካለ ስጋ ኣይፅውዕካን እንትብል። ምድራዊ ሕይወቱ ወዲኡ ሰማያዊ ንብረቱ ይፅበ ከም ዘሎ ንምርኣይ። እዚኦም ኵሎም ኣብ ነገረ ፍጥረት ወዲሰብ ዝረአዩ ቀወምቲ ርትዕታት እዮም። ብቃል እንትበሃሉ ቀለልቲ ሚታዊ ይትበሃላት ይመስሉ ብግብሪ ግና እንነብሮምን እንኹኖምን ቦኽሪ ሓሳባት እዮም። መልክዕ ዝንታውኦም እውን ትዕይንታዊ ኰይኑ መፂኡሎ። ትዕይንት ኣብ ተደረስቲ ዘይርሳዕ ምስሊ ናይ ምፍጣር ተኽእልኡ ልዑል ስለ ዝኾነ።

ብሓፈሻ ትዕይንት፥ ብተግባር ይኹን ብዝንተዋ ብመልክዕ ተዋስኦ፣ ኣብ ኣእምሮ ወይ ምናብ ተደረስቲ ዘይርሳዕን ተዛካርን ምስሊ ምፍጣር እዩ። ዝፍከር ምስጢር፣ ዝትንተን ቦኽሪ ሓሳብ፣ ሚታዊ ይትበሃል፣ ባህላውን መንነታውን ቴማ እውን ወርትግ ዘይርሳዕ፣ ኣብ ፅላት ልቡና ዝፀሓፍ፣ ኣብ ሰሌዳ ኣእምሮ ዝሰኣል ህያው ምስሊ ኣለዎ። ቀዲሞም ዘለዉ፥ ትንተናታት እውን እዙይ ዘትዕሉ እዮም። ስለዚ ገድለ ኣዳምን ኣብርሃምን ብትዕይንታዊ ዝንታወን ሚታዊ ይትበሃልን ዝተዋቐሩ ከም ዝኾኑ ከምዚ ዓይነት ብልሓት ዝንተዋ ምህላዎም ድማ መዋቕር ዝንታውኦም ዘይስልችውን ዘመን ተሳገርቲ ስነ ፅሑፋት ክኾኑ ኣኽኢልዎም እዩ። ገድል ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ቦኽራ ኣገባባት ዝንታው ምዃኖም ድማ ግሁድ ይገብሮ።

**ምርኣይ**

ምርኣይ[8] ወይ ምምስሳል፥ ቃላዊ ንዘይኹኑ ንተዋስኣዊ ወይ ትያትራዊ ክዋነታት የመልክት (ሃይለ፥ 2013)። ኣብ ምርኣይ ኣገባብ ዝንተዋ ኣዘንታዊ ዝበሃል ኣካል የለን (ቻትማን፥ 1978)። ኣብዚ ኣዘንታዊ ህልውንኡ ዘብቅዐ እዩ። ኣንበብቲ ወይ ተዓዘብቲ ግብራዊ ተግባር ብዓይኒ ሕሊንኦም ዝሪእሉ ተዋስኣዊ ፍፃመ ዝከታተልሉ እዩ። ዛንታ፥ ምርኣይ ብዝብል ብልሓት ዝንታው

[8]Showing: In a showing mode of presentation, there is little or no narratorial mediation, overtness, or presence. The reader is basically cast in the role of a witness to the events (Jahn, 2021: 66).

እንትቐርብ ግደ ኣዘንታዊ ይንእስ ወይ የለን (ቦንሂም፥ 1982)። ኣብዚ ግደ ኣንባቢ ወይ ተዓዛቢ ንፍፃመታት ናይ ዓይኒ ምስክር ምዃን እዩ (ጆን፥ 2021)። እዚ ግብራዊ ምንቅስቓስ ብዓይነ ሕሊናኻ ክትርእይ ዝገብር ተዋስኣዊ መልክዕ ተላቢሱ ንዝኽሰተሉ ንትዕይንታውነት ዘርእይ እዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታው ኣብ ገድለ ኣዳም ህልው እዩ።

> ኣዳም ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ነብሱ ደርበየ፣ ተላሒፁን ገፁ ተመሽሊጡን ስግኡ እውን፣ ብዙሕ ደም ካብኡ ፈሲሱ፣ ናብ ሞት ተቓሪቡ ((ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወወረወ ኣዳም ነፍሶ እም ርእስ እስከ ታሕት፣ ተልህጸ ወተዝኅቀ ገጹ ወሥጋሁ፣ ወውኅዘ ደም እምኔሁ ብዙኃ፣ ወቀርበ ለመዊት (ገድለ ኣዳም፣(ገድለ ኣዳም፣1956)።*

ኣብዚ ተዋስኣዊ ዝኾነ ፍፃመ ኣሎ። ተጋዳሊ፥ ብዝገበሮ በደል ተፀፂቱ ንበደሉ፥ ብምኩናን ስግኡን ምጥፋእ ሕይወቱን ካሕሳ ንምኽፋል ዝወሰነ ውሳንኡ ኣተግቢሩ፥ ሓደጋ ናብ ዘብፅሐሉ ፀድፊ በገዛዕ ባዕሉ ፀዲፉ ርኡይ ዝኾነ ፍፃመ ተራእዩ። ብምፅዳፉ ኣብ ስግኡ ዝበፅሖ ጉድኣት ንምርኣይ ድማ፥ “ተላሒፁን ተመሻሊጡን” ኢሉ ጉድኣት ዝበፅሖ ኣካል ክንርእይ ብስእላዊ መልክዕ ኣምፂኡልና። ብዙሕ ደም ከም ዝፈሰሶ ንምሕባር እውን፥ ዋሕዚ ማይ ከመይ ከም ዝብልን እንታይ ዓይነት ኩነታት ከም ዘርእይን ብምግንዛብ ማይ ዘለዎ ኩነት ርእይና ንዕኡ ክንርእይ ሓሲቡ፥ ብዋሕዚ ማይ መሲሉ ኣምፂእዎ። ንሞት ዝቐረበ እንታይ ዓይነት መልክዕን ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታትን ከም ዘሎ ንመዋቲ ዝቐረበ ኣካል ዝሪኦ፣ ካብ ሕሊና ዘይጠፍእ ተዘክሮ ኣሎ። ኣብዚ እውን ብሰንኪ፥ ምፅዳፍ፣ ብምፅዳፉ ዝበፅሖ መጉዳእትን ዝፈሰሶ ብዙሕ ደምን ንሞት ከም ዝቐረበ፥ ተዋስኣዊ መልክዕ ኣልቢሱ፣ ንሕሊና ኣቕሪቡ፣ ተደራሲ ኣብ ፍፃመ ከም ዝነበረን ብዓይነ ስግኡ ከም ዝረአየን መሲሉ ከም ዝስምዖን ኣካል እቲ ፍፃመ ኰይኑ ንክረአዮን ገይሩ ኣዘንታዊ ኣቕሪብዎ።

> ኣብርሃምን ሳራን ናብ ምድሪ ግብፂ ከዱ። ምስ በፅሑ ሓቀኛ ኣብርሃም ዝብላዕ ንክእልሽ ከደ ከምቲ ድንገት እኳ ገፅ እኽሊ ዘይረአየ ስብኣይ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *ኣብርሃም ወሣራ ሖሩ ውስተ ምድረ ግብጽ። ወሶበ በጽሑ ሖረ ኣብርሃም ጻድቅ ከመ ይኅሥሥ ሎሙ መብልዓ ከመ ብእሲ ግሙራ ዘኢርእየ ገጸ ኅብስት (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ነገረ ረሃብን ስደትን ብዙሕ እዩ ጣጥኦምን ምርእይቶምን። ረሃብ እንትለዓል ብጥምየት፡- ምንጋር ኣብይዎ ኣፉ ዝተለጐመ፣ ምንቅስቓስ ስኢኑ ብርኩ ዝጠለሞ፣ መተርከሲ ልሳን ስኢኑ መልሓሱ ዝተኣሰረ፣ ጐረርኡ ዝተዓፀወ፣ ምንቅስቓስ ኣብይዎ ሰውነቱ ኮሸሮ ፆመ ኣርብዓ መሲሉ ይርአየካ። ክንዲ ቁንጣሮ እትኣክል ምግቢ ንምርካብ ክብል ዝብሎ ላዕልን ታሕትን ንእታ ቁንጣሮ ምስ ረኸባ እውን ኣብ ሕይወቱ ምግቢ ሪኡ ከም ዘይፈልጥ ዘሪኦ ሃንቀውታን ድሌትን ንዓይኒ ዝቐረቡ እዮም። ኣብ ገድለ ኣብርሃም ዘሎ ተጋዳሊ እውን ብስንኪ ምስኣን ዕለታዊ ምግቢ ናብ ስደት ዘምርሐ፣ ኣብ ዝሓሰቦ ምስ በፅሐ እውን ምግቢ ንምርካብ ክብል ዘርአዮ ድሌት ብዓይነ ሕሊናና ክንሪኦ ክኢልና። ብምኺኑ ድማ፥ ኣብዚ ኣብነት ዘሎ ተዋስኣዊ ኣቀራርባ ዝተኸተለ ምርኣይ ገፅ ምግቢ ሪኡ ንዘይፈልጥ ተመልኪትኻ ንተጋዳሊ ክትርእይ ዝገበረ ተዋስኣዊ ኣገባብ ዝንተዋ እዩ።

ቀዲሙ ከም ዝተገለፀ ምርኣይ ንተዋስኣዊ ዝኾኑ ፍፃመታት ዘመልክት እዩ። ኣንበብቲ ወይ ተደረስቲ ግብራዊ ተግባር ብዓይነ ሕሊንኦም ዝሪእሉን ተዋስኣዊ ፍፃመ ዝከታተልሉን እዩ።

> ኣዳም ንሔዋን ሒዙ ናብ ፀሊም ምድሪ ወረደ። ዝበቐለት ስርናይ ረኸበ፣ ሽዑ ሸዊታ ንምብላዕ ዝተዳለወት፣ ኣዳም ተደሰተ። [...] ኣዳምን ሔዋንን ዳግማይ ናብ ፀሊም ምድሪ ወረዱ፣ ቅድም ክብል ናብ ዝረኸብዋ ስርናይ በፅሑ ንዓፂድ ዝበፅሐት ደረቕ ኲይና ረአይዋ (ገድለ ኣዳም፣ 1965)።

> *ወነሥአ ኣዳም ለሔዋን ወወረደ ውስተ ምድር ጸሊም። ወረከበ ሥርናየ ዘበቈለት፣ ወኮነት ሰዊተ ወበዕለት ለበሊዕ፣ ወተፈሥሐ ኣዳም። [...] ወካእበ ወረዱ ኣዳም ወሔዋን ውስተ ምድር ጸሊም ወበጽሑ ኀበ ሥርናይ ዘረከብዋ ቀዳሚ፣ ወነጸርዋ ይብስተ ወተደለወት ለኣፂድ (ገድለ ኣዳም፣ 1965)።*

ተገዳሊ፥ ኩነታት ኣከያይድኡን ናብ ከመይ ዝኣመሰለ ከባቢ ይከይድ ከም ዘሎን ተደራሲ ኣብ ዓይነ ሕልንኡ ፀሊም ምስሊ ስኢሉ ክርእይ ዝገብር ኣዘነታትዋ እዩ። እዚ ድማ ተግባር ኣብ ዛንታ ነገራት ዝፍፀምሉ ምኽኑ ዘረድእ እዩ። ይኹን እምበር ተግባር ግድን ርኡይ ወይ ጭቡጥ ዘይክኸውን ይኽእል። ኣዝዩ ረቂቕ እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብዚ ዘሎ ግና ክልቲኡ ዝሓዘ እዩ። ተግባር ተጋዳሊ ናብ ፀሊም ምድሪ ምውራዱ፣ ስርናይ ምርካቡ ዝረኸባ ስርናይ እውን ንዓፂድ ከም ዝበፅሐት ምግላፁ እዩ። ረቂቕነቱ ብትእምርቲ ፀሊምን ንዓፂድ ዝበፅሐት ስርናይን ዝተገለፀ ሓሳብ እዩ። ፀሊም ማለት፡- ክፍኣት፣ ተንኰል፣ ሕስድና፣ ወዘተ. እዩ። ስርናይ ድማ፡- ትስፍውነት፣ ፅቡቕ ምምናይ፣ ፅቡቕ ምሕሳብን ሰናይነትን የርእይ። ንዓፂድ ምብፃሕ ግና ሽንግልናን ምሕላፍ ዕድመን ኣሪኡ ሞት ዝነግር እዩ።

ኣብ ገድለ ኣብርሃም እዚ መልክዕ ኣገባብ ዝንታው ኣሎ። ከምቲ ቀፂሉ ዘሎ ድማ ይንበብ።

> ኣብርሃም ብሕልሙ ፅብቕቲ ቖለበት ረአየ፣ እታ ቖለበት ካብ ኢዱ ወደቐት። ኣብርሃም ብዝረአዮ ተከዘ። ፈርያን ሰቡ ልኢኹ ንኣብርሃም ፀውዖ። ኣብርሃም ናብኡ ምስ መፀ ሰላም ኢሉ ናብኡ ኣቕረበ። "እዚኣ እንታይኳ እያ" በሎ ፈርያን ንኣብርሃም "ሓፍተይ እያ" ኢሉ ኣብርሃም መለሰሉ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *ወርእየ ኣብርሃም በሕልሙ ሠናይተ ኅልቀት፣ ወይእቲ ኅልቀት ወድቀት እም እድየሁ። ወተከዘ ኣብርሃም በዘርእየ። ወለኣከ ፈርያን እምሰብኡ ኀበ ኣብርሃም ወጸውዖ። ወሶበ መጽአ ኀቤሁ ኣብርሃም ተኣምኆ ወኣቅረበ ኀቤሁ። ወይቤሎ ፈርያን ምንት ትከውን ለከ ዛቲ፤ ኣውሥኦ ኣብርሃም ወይቤሎ እኅትየ ይእቲ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ኣዘንታዊ ብነገረ ሕልሚ ድሌትን ባህግን ተጋዳሊ ኣሪኡ። ብሕልሚ ዝረአዮ ነገር ብጋህዲ መፂኡ። ምውዳቕ ቀለበት ምስኣን ካልአይትኻ እዩ። ምምንጣል ቃል ኪዳንኻ እውን እዩ። እዚ ድማ (ያንግ፥ 1983) "ሕልምታት ዝፍክሮም እንተ ረኺቦም ነገርቲ ርትዒ ትእምርትታት እዮም" ንዝብሎ ዘትዐለ እዩ።

ብሓፈሻ እቶም ኣብዚ ተተንቲኖም ዘለዉ ኣብነታት ዘትዕልዎ (ዘረጋግፅዎ) ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምርኣይ ብዝብል ኣገባብ ዝንታው እውን ከም ዝዝንተዉ እዩ። ስለዚ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ግብራዊ ምንቅስቓስ ብዓይነ ሕሊናኻ ክትርእይ ዝገብር ዝንታው ኣሎ። እዚ ድማ፥ ፍፃመታት ተዋስኣዊ መልክዕ ተላቢሶም ንዝኽሰቱሉ ትዕይንት የርእይ። ብምኳኑ ምርኣይ ንኡስ ክፋል ትዕይንት ምኳኑ ይረጋገፅ።

**ምንጋር**

ምንጋር[9]፡- ኣብ ምንጋር ኣገባብ ዝንተዋ፥ ኣዘንታዊ ፍፃመታት ብቀድም ስዓብ ግዘ ዘዘንትወሉን ንውሓት ግዘ ፍፃመታት ዘውስአሉን (ዝነግረሉን) እዩ (ቱላን፥ 1988)። ገፀ ባሕርያት ተግባራቶምን ፍፃመታቶምን እንታይ ከም ዝመስል ይነግር። ኣብዚ ዝንገር ዝንታወ እምበር ዝርአ ምስሊ የለን (ጀነቴ፥ 1980)። ብብልሓት ምንጋር ኣብ ዝቐርብ ዛንታ ግደ ኣዘንታዊ ዝለዓለ እዩ (ጃን፥ 2021)። እዚ ብምኽንያት ዝንተዋ ሓደ ፍፃመ ናይ ምቕራብ ኣገባብ እዩ። እናተነበበ ወይ እናተዘንተወ ዝርአ እንተይኰነስ እናተነበበ ወይ እናተዘንተወ ዝድመፅ እዩ (ቦንሂም፥ 1982)።

> ኣዳም ንሴት ኣዚዙ ምስ ፈፀመ፥ መገጣጥምቱ ተፈትሐ፣ ኢዱን እግሩን ዘሓለ፣ ኣፉ ተለጐመ፣ ኣንደበቱ [እውን] ምንጋር ኣበዮ፣ ዓይኑ ሸፈነ፣ ነብሱ ድማ ሃበ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።
>
> *ወሰበ ፈጸመ ኣዳም ትእዛዘ ለሴት ተፈትሐ መለያልይሁ ወተበጥለ እደዊሁ ወእገሪሁ። ወብሕመ ኣፉሁ ወኢነበበ ልሳኑ ግሙራ፣ ወደፈነ ኣዕይንቲሁ ወመጠወ ነብሶ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

መገጣጥምቱ ተፈቲሑ፣ ኢዱን እግሩን ዝሒሉ፣ ኣፉ ተለጕሙ፣ ኣንደበቱ ምዝራብ ኣብይዎን ዓይኑ ተሸፊኑን ዝብሉ ብኣዘንታዊ ዝንገሩ ዘለዉ ኣብ ልዕሊ ተጋዳሊ (ገፀ ባሕሪ) ዘጋጠሙ ፈፃመታት እዮም። ስለዚ ኣብዚ ዝተነገረ ፍፃመ እምበር ዝርአ ከይዲ የለን። ስለዚ ኣዘንታዊ፥ ተጋዳሊ ኣብ ኣፍ ሞት ከም ዘሎን ክመውት ክብል ከሎ ነብሲ ወከፍ ኣካላቱ ዝነበሮም ኩነትን ኣዘንቲውልና። ኣብ መወዳእታ ድማ ተጋዳሊ፥ ክብሎ ዝደሊ ምስ ተዛረበን ከሕልፎ ዝደሊ ትእዛዝ ኣዚዙ ምስ ዛዘመን ኵሉ ፍጡር ዝቋደሶ ሞት ከም ዝተቋደሰ ነጊሩና እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ገድለ ኣብርሃም፡-

> ዓበይቲ ዓዲ ግብፂ ዓው ኢሎም ተዛረብዎ። ብዘይኩናት ዘውደቐካ መን እዩ፤ ብዘይገመድ ዝኣሰረካኸ መን እዩ፤ ንከይትዛረብ ዝዓበሰካ መን እዩ፤ ሓለውትኻ ከይረአናዮ ኣብ ልዕለኻ መቕሰፍቲ ዘውረደ መን እዩ፤ ብምባል። ንሱ ክምልሰሎምን ክናገሮምን ኣይኽኣለን። ሱቕ ኢሉ ብኢዱ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ናብ ዓርኪ ፈጣሪ ኣብርሃም ስብኣያ ንሳራ ፀሓፈ፣ ሓዘኑ ናብ ፍስሃ ተለዊጡ፣ ፍስሃይ ድማ ሓዘን ኰይኑ ብምባል (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።
>
> *ወሰቤሃ ጸርሑ ወይቤልዎ ኄራነ ግብጽ። መኑ ውእቱ ዘኣውደቀከ ዘእንበለ ተቃትሎ፤ ወመኑ ውእቱ ዘኣሠረከ ዘእንበለ ሓብል፣ ወመኑ ውእቱ ዘለጐመከ ከመ ኢትትናጋር፤ ወመኑ ውእቱ ዘኣውረደ ላዕሌከ መቅሰፍተ እንበለ ንነጽሮ ወዓልያኒከ። ውእቱሰ ኢክህለ ይሠጠዎሙ ወይትናገሮሙ። ወበሕቱ ጸሓፈ ዲበ ምድር በኣጻብኢሁ ኀበ ኣብርሃም ዓርከ መሓሪ ምታ ለሣራ፤ ብሂሎ እስመ ኃዘኑ ተመይጠ ኀበ ፍሥሓ። ወፍሥሓ ዚኣየ ኮነ ኃዘነ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ኣዘንታዊ፥ ዓበይቲ ግብፂ ዝገበርዎን ብተራዳኢነት ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ሓይሊ፣ ተጋዳሊ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሓይሊ ዝገበሮ ተኣምርን ነጊሩና። ኲናት ከይተኻየደ ዝወደቐ፣ ብዘይገመድ ዝተኣሰረ፣ ኣፉ ከይተለጐመ ምዝራብ ዝኣበዮ፣ ሓለውቱ ከይረአዩ መቅሰፍቲ ዝወረዶ ከም ዘሎን ኣብ ልዕሊ ሓለቕኦም ዝወረደ መዓት ሪኦም ዝሓቱ ኣካላት ከም ዘለዉን ኣዘንታዊ ኣዘንቲውልና። ከምኡ እውን ተበዳሊ፥ ዝበፅሖ በደል ንኣብርሃም ኣብ ምድሪ ከም ዝፀሓፈሉ፣ ደስታ ኣብርሃም እንትምለስ ደስትኡ ናብ ሓዘን ከም ዝተለወጠ ኣውሲእልና። ስለዚ *ብዘይኩናት ዘውደቐካ መን እዩ፤ ብዘይገመድ ዝኣሰረካኸ መን እዩ፤ ንከይትዛረብ ዝዓበሰካ መን እዩ፤ ሓለውትኻ ከይረአናዮ ኣብ ልዕለኻ መቕሰፍቲ ዘውረደ መን እዩ* **“መኑ ውእቱ ዘኣውደቀከ ዘእንበለ ተቃትሎ፤ ወመኑ ውእቱ ዘኣሠረከ ዘእንበለ ሓብል፣ ወመኑ ውእቱ ዘለጐመከ ከመ ኢትትናጋር፤ ወመኑ ውእቱ ዘኣውረደ ላዕሌከ መቅሰፍተ እንበለ ንነጽሮ ወዓልያኒከ”** እናበሉ ዝሓቱ ነይሮም ተባሂሉ ብኣዘንታዊ ዝተነገረ ዝንታወ እዩ።

[9] Telling: In a telling mode of presentation, the narrator is in overt control (especially, durational control) of action presentation, characterization and point-of-view arrangement (Jahn, 2021: 66).

ልዕል ክብል እናተገለፀ ከም ዝመፅ ኣብ ምንጋር፥ ሰብ ዋና ፍፃመ (ተጋደልቲ) ተግባራቶምን ፍፃመታቶምን እንታይ ከም ዝመስል ዝንገረሉ እዩ። እቲ ዝንገር ዘዕባ እውን፦ መልእኽቲ፣ ትእዛዝ፣ ሓበሬታ ክኾውን ይኽእል እዩ።

> እግዚኣብሔር ንኣዳም፥ "ኣብ ምድሪ መንግስትነት ሂበካ፣ መንግስትነተይ ኣይትድለ" በሎ። ምስጋና ናብ ዝቐርበሉ መንበርየይ ኣይትእቶ፣ ንዓኻ ኢለ ዝፈጠርኹዎ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ስለ ዝሃብኩኻ፣ ልብኻ ዝፈተዎ ብላዕ ስተ። ንእታ ዕፀ ጥራሕ ከይትበልዓ። ትእዛዘይ ኣፍሪስኻ ኣብ ዝበላዕኻሉ ዓቢዪ ሞት ክትመውት ኢኻ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።
>
> *ወይቤሎ እግዚኣብሔር ለኣቡነ ኣዳም፣ ወሃብኩከ መንግሥተ ዘበምድር፣ ኢትኅሥሥ መንግሥትየ። ወኢትባእ ውስተ መንበረ ስብሓትየ፣ እስመ ወሃብኩከ ዘታሕተ ሰማይ ወዘላዕለ ምድር ዘኣጥረይኩ ለከ፣ በከመ ፈተወ ልብከ ብላዕ ወስተይ። ወባሕቱ ኢትብልዓ ለይእቲ ዕፅ። ወለእመ ተዓደውከ ትእዛዝየ፣ ወኣመ መላዕከ፣ ትመውት ዓቢየ ሞተ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

ኣብዚ ንተጋዳሊ ዝተነገረ ትእዛዝ ኣሎ። ተጋዳሊ ንሕይወቱ ናብ ሓደጋ ዘውድቕ ፍፃመ ከይፍፅም ብልዕለ ተፈጥሮኣዊ ሓይሊ ተነጊርዎ። ንተጋዳሊ ዝንገር ዘሎ ትእዛዝ ብሕይወተ ስጋ ንዘሎ ፍጡር ኣስተምህሮ እዩ። እዚ ዝተነገረ ትእዛዝ መሰል ዘዕባ ንተጋዳሊ ናብ ኩነኔ ዘእተወን ድሓር እውን ንፍጡር ተጋዳሊ (ወዲ ኣዳም) ከም ዕዳ ዝኾነን እዩ።

ቀዳሙ ዝተገለፀ ኣብነት ካብ ገድለ ኣዳም ዝተወሰደ እዩ። ቀፂሉ ድማ ካብ ገድለ ኣብርሃም ዝተወሰደ ኣብነት ንርአ።

> እግዚኣብሔር ንኣብርሃም፣ "ሰላም ይብለካ ኣንታ ዓርኪ ፈጣሪ፣ እዙይ ብትሕትናኻ ዝረኽብኻዮ እዩ" በሎ። ዓቢዪ ነገር ክነግረካ፣ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ክብሪ ሂበካ እየ፤ ከምኡ እውን ኣብ ሰማይ ክህበካ እየ። ውሉድኻ ዓበይቲ ክኾኑ እዮም፤ ንሕዝቢ ብርትዒ ክገዝእዎም እዮም። ትእዛዘይ እንተ ኣኽቢርካ ክብርኻን ክብሪ ውሉድኻን ክበዝሕ እዩ። ትእዛዝ ፈጣሪኻ እንተዘይሓሊኻ ግና ናብ ስደት ዘብፅሕ ረሃብን ፃምእን ከምፀአልካ እየ (ገድለ ኣብርሃም፣ C3-IV-154)።
>
> *ወይቤሎ እግዚኣብሔር ለኣብርሃም፣ ሰላም ለከ ኦ ኣርከ ፈጣሪ፣ ዘኣጥረይከ ዝንቱ በትሕትናከ። እንግርከ ዓቢየ ነገረ፣ እስመ ወሃብኩከ ክብረ በዛቲ ምድር፣ ወከማሁ እሁበከ በሰማይ። ወውሉድከኒ ይከውኑ ዓቢየነ፣ ወይቀንይዎሙ ለሕዝብ በርትዕ። ወለ እመ ኣክበርከ ትእዛዛትየ ይፈደፍድ ክብርከ ወክብረ ውሉድከ። ወለእመ ተኣደውከ ትእዛዘ ፈጣሪከ ኣመጽእ ለከ ረሃበ ወጽምኣ፣ ዘያበጽሃከ መንገለ ተሰዶ (ገድለ ኣብርሃም፣C3-IV-154)።*

ተጋዳሊ ዝረኽቦ ገፀ በረከትን ካብ ኣብራኹ ንዝወለዱ እውን በረከት ከም ዘለዎምን ይነግር። ተጋዳሊ ዝተብሃሎ እንተዘይፈፂሙን ዝተውሃቦ ፀጋ ብኽብሪ እንተዘይሒዙን ግና መንከራን ሽግርን ከም ዝረኽቦ ትንቢት ብዝመስል ኣዘራርባ ነጊሩዎ። ንተጋዳሊ ዝተነገረ ንህልው ትምህርትን ተግሳፅን እዩ። ብኂኑ እቶም ክልተ ገድልታት (ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን) ብምንጋር ኣቢሎም እውን ከም ዝዝንተዉ ዝሕብር እዩ።

ኣብ ምንጋር ኣገባብ ዝንተዋ ኣዘንታዊ ፍፃመታት ብቀድም ስዓብ ግዘ ዘዘንትወሉን ንውሓት ግዘ ፍፃመታት ዘውስአሉን እዩ። ኣብዚ ተተንቲኖም ዘለዉ ኣብነታት እውን ብኸምዚ ዝቐረቡ እዮም። እዚ ድማ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ምንጋር መልክዕ ኣገባብ ዝንተዋ ከም ዘለዎም የርእይ። ከምዚ ዓይነት መልክዕ ዝንታወ ምህላዎም መዋቕር ዝንታውኦም ዘይስልቹውን ኣንባቢ ብህንጣወ ንቅድሚት ንክግስግስን ይገብሮ።

**ኣሕፀሮት**

ኣሕፀሮት ንሓደ ቀድም ስዓብ ናይ ተግባር ፍፃመታት ናብ ቴማ ትኵረት ብምግባር ሰፊሕ ዛዕባ ኣሕፂርኻ ናይ ምዝንታው ኣገባብ እዩ (ቱላን፥ 2001:)። ኣብ ኣሕፀሮት ፍጥነት/ቅልጣፈ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ፅሑፍ ዘለዉ ዛንታታት ብሓፂሩ ይግለፁ። ንሓፂር መግለፅን ቀንዲ ባሕርያትን ዛንታ ይነግር። ንቀንዲ ቴማ ዛንታ ጠቕላሊ ብዝኾነ መልክዑ የዘንቱ (ቦንሂም፥ 1982)። ብምኳኑ ኣብ ኣገባብ ዝንተወ ኣሕፀሮት፥ ዝግለፁ ሰፋሕቲ፡- ታሪካዊ፣ እምነታዊ፣ መንነታዊ፣ ባህላዊ፣ ሕጊ ልቡናውን ግብረ ገባውን ተግሳፃትን ኣስተምህሮታትን ብሓፂሩ ብመልክዕ ምጥቕላል ይዝንተዉ። ግዘ ታሪኽ ዝነውሐ እናሃለወ ከይዲ ግዘ ዝንታወ ዝንህረሉ ወይ ብቅልጣፈ ዝዝንተወሉ እዩ። ብምኳኑ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እዚ መልክዕ ዝንተወ ኣለዎም።

> ኣንታ ኣዳም ሓደ ነገር ክነግረካ ንዓ ኢሉ ፀውዖ። ኣዳም ካብ በዓቲ ወፀ። ንሱ መልኣክ ከም ዝኾነ ሓሰበ፣ ፅቡቕ ምኽሪ ንክምኽሮ ካብ መላእክቲ እግዚኣብሔር ዝመፀ ገይሩ ወሰዶ። ክወፅእ ከሎ ጠመቶ ናብ መልኣክ ዝተለወጠ ሕሱም ነገር ኣብ ልዕሊኡ ተመልከተ። ንስኻ መን ኢኻ በሎ ኣዳም፣ ከምዚ ክብል መለሰሉ፥ ኣብ ከርሲ ተመን ተሓቢአ ንሔዋን ዝተናገርክዋ፣ ኣታሊለ ትእዛዘይ ክትሰምዕ ዝገበርክዋ፣ መኺረ ናባኻ ዝለኣክዋ ንስኻን ንሳን ካብ ዘይተፈቐደልኹም ፍረ ተኽሊ በሊዕኹም ካብ ትእዛዝ ፈጣሪኹም ክትወፁ ዝገበርኹ ኣነ ሰይጣን እየ በሎ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወጸውዖ እንዘ ይብል ሎቱ፣ ኦ ኣዳም ነዓ ከመ እንግርከ ነገረ፣ ወወድአ ኣዳም እምበዓት፣ ወሓለየ ከመ ውእቱ መልኣክ እመላእክተ እግዚኣብሔር፣ መጽአ ከመ ያምክሮ በምክር ሔር፣ ወሶበ ወጽአ ነጸረ ወርእየ እምላዕሌሁ ሕሱመ ወውሉጥ በኣምሳለ መልኣክ፣ ወይቤሎ ሎቱ ኣዳም መኑ ኣንተ፣ ተሠጥዎ ወይቤሎ ኣነ ዘተኃባዕኩ ውስተ ከይሲ ወተናገርክዋ ለሔዋን ወኄጥክዋ እስከ ሰምዓት ትእዛዝየ፣ ወፈነውክዋ በምክረ ነገርየ እስከ ኄጠተከ ወበላዒከ ኣንተ፣ ወይእቲ እምፍሬ ዕፀ ወወጻእክሙ እምታሕተ ትእዛዘ እግዚኣብሔር (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

እዚ፡- ንተጋዳሊ ካብ ዝመቸወ ቦታ ናብ ምድሪ ዘውረደ፣ ንተጋዳሊ ምስ ፈጣሪኡ ዘፃልአ፣ ምኽንያት ውድቀት ተጋዲሊ ዝኾነ፣ ኣብ ጥንቲ ግዘ ዝተፈፀመ፣ ሰፊሕ ሓተታ ዘለዎ ዛንታ ዝሓዘ እዩ። ይኹን እበር ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ኣብነት ዘሎ ግዘ ዛንታ ብጣዕሚ ዝነውሐ፣ ከይዲ ክስተቱን መልክዕ ኣፈፃፀምኡን ብጣዕሚ ዝተሓላለኸን ብክልተ ሰለስተ መስመራት ፅሑፍ ክግለፅ ዘይኽእልን እናሃለወ፤ ናብ ቀንዲ ቴማ ፍፃመ ብምትኳር ብሓፂሩ ተዘንቲዉሎ። ብመልክዕ ምጥቕላል ዝቐረበ ብምኳኑ ድማ ግዘ ዝንታወ ፍፃመ ካብ ግዘ ዝንታወ ታሪኽ ብጣዕሚ ዝሓፀረ ኰይኑ ንረኽቦ። እዚ ዘበለ ምኽንያት ኣብ ጥንቲ ኣብ ተጋዳሊ ዝተፈፀመን ምኽንያት ምውራድ ናብ ምድረ ፍዳን ኰይኑ ኣብ ዛንታ ተጋዳሊ ዝተመዝገበ ወይ ነዊሕ ዘመናት ዘቑፀረ ግዘ ታሪኽ ብሸውዓተ መስመር ወይ ካብ ሓደ ደቒቓ ብዘይበልፅ ኣገባብ ግዘ ዝንታወ ተገሊፁ። እዚ ድማ ቴማ ወይ መልእኽቲ ብቐሊሉ ንምርካብ የኽእል።

ኣብ ብመልክዕ ኣሕፀሮት ቀሪቡ ዘሎ ዝንታወ ዘሎ ሕጊ ልቡናውን ግብረ ገባውን ኣስተምህሮ፥ ሰባት ምስ ፀገም ዝራኸቡ ብሰለስተ መንገድታት ከምዝኾኑ ንምፍካር ዘኽእል እዩ። ሰብ ፀገም ዝገጥሞ፡- ባዕሉ ፈጣሪ ፀገም እንትኸውን፣ ተቛዳሲ ዘጋጠመ ፀገም እንትኸውንን ፈታሒ ዘጋጠመ ፀገም ኰይኑ እንትርከብን ምኳኑ ክትግንዘብ ይገብር። ኣብዚ ዘሎ ተገዳሊ ድማ በፂሕዎ ዘሎ ፀገም ፈጣሪ ፀገምን ፈታሒ ዘጋጠመ ፀገምን ኰይኑ እንትርከብ እንተይኰነስ ተቋዳሲ ዘጋጠመ ፀገም እዩ። ካብ ሕዱር ሕጊ ልቡናን ዝናበረሉ ግብረ ገብነታዊ መንነትን ወፂኡ ናብ ምኽንያት ፍድኡን ሞቱን ዝኾነ ፀገም ዝተዳረገ ተጋዳሊ እዩ። ብሓሶት፣ ምጭብርባር፣ ቃል ኪዳን ብምፍራስ፣ ንኻሊእ ተጠቒምኻ ዘይግበኣካ ረብሓ ምርካብ፣ ዝብሉ ከይድታት ኢግብረገባዊ

ፍፃመታት ዝፈፀመ እዩ። እዚ ድማ ንዝሓስብን ሓሲቡ ዝረብሖን ዝጐድኦን ዝፈሊ ሕሊና ዘለዎ ፍጡር (ወዲሰብ) ተግሳፃዊ ኣስተምህሮ እዩ።

እቲ ዝንታው ቅዱም ትእዛዝ ኣፍሪስኻ ድሒሩ ዝመፀካ ትእዛዝ ምቕባል ምፍራስ ሕገ ልቡና የርእይ። ምፍራስ ሕገ ልቡና ድማ ምፍራስ፡- ኪዳን፣ ጥልመት፣ ሓሶት፣ ምጭብርባር፣ ዓመፅ፣ የኽትሉ እዚኦም ድማ ኢግብረገባዊ ተግባራት እዮም።

ቀዲሙ ከም ዝተገለፀ ኣሕፅሮት ኣብ ሓደ ዓመት ዝተፈፀመ ፍፃመ ወይ ኣብ ዝበዝሑ ኣዋርሕ እቲ ዓመት ንዝተኸሰተ ክስተት ኣብቲ ፅሑፍ ኣብ ሓደ ገፅ ወይ ብናይ ሓደ ደቒቓ ምንባብ ምግላፅ እዩ።

> ኣብርሃም ንወዱ ከምዚ ኢሉ ተናገሮ ስማዕ ወደይ ክነግረካን ከለብመካን ብዛዕባ ቀዳመይ ስራሕ እግዚኣብሔር ብኢዱ ዝፈጠሮ ኣቦና ኣዳም እኖና ሔዋን እውን፡- ኣቤልን ሴትን፣ ኣባ ሄኖስ፣ መላልኤል፣ ኣባ ማቱሳላን ላሜህን፣ ያሬድን ሔኖክን፣ ኖህን ደቁ፥ ሴም፣ ካምን ያፌትን፣ ብድሕሪኦም እውን፡- ኣልፋክስድ፣ ቃይናምን ዓረብን፣ እዚኦም ኵሎም ሞት ወሲድዎም እዩ ብዘይካ ኣቦና ሔኖክ ((ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *ተናገሮ ኣብርሃም ለወልዱ እንዘ ይብል፣ ስማዕ ወልድየ እንግርከ ወኣለቡከ በእንተ ቀዳሚ ልሕኩት ዘፈጠሮ እግዚኣብሔር በእዴሁ ዝውእቱ ኣቡነ ኣዳም ወእምነ ሔዋን፣ ኣቤል ወሴት፣ ወኣባ ሄኖስ፣ ወመላልኤል፣ ወኣባ መቱሳላ ወላሜህ ወያሬድ ወሔኖክ፣ ኖኅ ወደቂቁ፥ ሴም፣ ካም ወያፌት፣ ወእም ድኅሬሆሙ፥ ኣልፋክስድ ወቃይናም ወዓረብ […] ለእሉ ኩሎሙ ነሥኦሙ ሞት ዘእንበለ ኣቡነ ሔኖክ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ኣብ እዚ ዘሎ ኣሕፅሮታዊ ኣገባብ ዝንታው ብግዘ ዝንታው እንትልካዕ፣ ልክዕ ከምቲ ዛንታ ዘልዐሎ ዝንታው ግዘ ታሪኽ ዝሸፍኖ ንውሓት ግዘ ዝኸደ ኣይኰነን፤ ሓሳባትን ፍፃመታትን ናብ ሓደ ብምጥቕላል ብናህሪ ተዘንቲዉ ኣሎ። ግዘ ታሪኽ ቐሪቡ ዘሎ ዝንታው ካብ ነገረ ፍጥረት ቀዳማይ ፍጡር ዝኾነ ኣዳምን ድሕሪ ኣዳም ዝመፁ ዓበይቲ ዓሌታትን እዚኦም እውን ካብ ሞት ከም ዘየምለጡ የዘንትው። ካብ ቅድመ ህላወ፣ ህላወን ሕልፈትን ዘዘንትው ዝነውሐ ግዘ ታሪኽ፣ ኣዘንታዊ ብሓሙሽተ መስመራት ፅሑፍ ወይ ካብ ክልተ ደቒቓ ዘይበልፅ ፃንሒት ግዘ ዝንታው ብዝግለፅ ኣዘነታትዋ ኣዘንቲውዎ። ኣሕፅሮት ዝበሃል ድማ እዙይ እዩ።

ኣዘንተዊ ንእቶም ኣብ ጥንቲ ግዘ ዝተፈፀሙ ፍፃመታት ወይ ታሪኻት ምሉእ ብምሉእ ቅልጣፈ ብዘለዎ ብሓፂር ኣዘነታትዋ ኣዘንቲውዎም ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ዝነውሐ ዘመን ንዝተኸሰተ ፍፃመ (ገድላዊ ፍፃመ) ኣብ ፅሑፍ ኣብ ሓሙሽተ መስመር ወይ ብናይ ክልተ ደቒቓ ምንባብ ምግላፅ እዩ። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ሜላ ኣዘነታትዋ ሰፊሕ ትሕዝቶ ብሓፂር ኣቀራርባ ብተደጋጋሚ ኣብ ግብሪ ከም ዝወዓለ ግልፂ ንምግባር፡-

> በሊሕ እምኒ ኣልዐለ፣ ንኣዳም የማናይ ጐድኑ ወግኦ። ካብኡ ደምን ማይን ወፀ። ኣዳም ዝሞተ መሲሉ ኣብ ልዕሊ መቕረቢ መስዋእቲ ወደቐ፤ ሰይጣን ሃደመ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወኣልዓለ እብነ በሊሐ፣ ወረገዞ ለኣዳም ገበሁ የማናየ። ወወጽአ እምኔሁ ደም ወማይ። ወወድቀ ኣዳም እምላዕለ ምሥዋዕ በኣምሳለ ምዉት ወጐየ ሰይጣን (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

እዚ ብትእምርተ ተጋዳሊ ዝቐረበ፣ ደሓር ምእንቲ ፍጡር እዛ ዓለም (ሰብ) ኢሉ ዝፈስስ ደም ፈጠሪ እዩ። ሕሉፍን ትንቢትን ዘለዎ፥ ዝነውሐ ፍፃመን ዝነውሐ ዛንታን ብክልተ መስመር ተገሊፁ ኣሎ። ብመልክዕ ኣሕፅሮት ቀሪቡ ዘሎ ዝነውሐ ዛንታ እንትትንተን፡- ምውጋእ ጐድኒ፣ ምፍሳስ ደምን ማይን ቀዲሙ ኣብ ኣዳም ምርኣዩ፣ ፈጣሪ ንኣዳም *ከምዙይ ኣብ ምድሪ ክበፅሐኒ እዩ። ክውጋእ እየ፤ ካብ ጐድነይ ደምን ማይን ክወፅእ እዩ። ኣብ ልዕሊ ስጋይ ክፈስስ እዩ* **“ከመዝ ካዕበ ይበጽሓኒ በውስተ ምድር፣ እትረገዝ ወይወጽእ እምጎበየ ደም ወማይ፣ ወይውኅዝ ላዕለ ሥጋየ”** (ገድለ ኣዳም፥ 1956) ዝበሎ ትንቢታዊ ቃል ከም ዝፍፀም

የርእይ። እዚ ብግዘ ታሪኽ እንትርአ ነዊሕ ዘመናት ዘቑፀረ ግዘ ታሪኽን ሰፊሕ ዛዕባን ዘለዎ እዩ። እዚ ነዊሕ ግዘ ዘቑፀረ ግዘ ታሪኽን ሰፊሕ ዛዕባን ብኣሕፀሮታዊ ኣገባብ ግዘ ዝንታወ ብክልተ መስመር ተዘንቲዉ ኣሎ። እዚ ድማ እዩ ኣሕፀሮት ወይ ናህሪ ዝበሃል። ዝነውሐ ግዘ ታሪኽ ብዝሓፀረ ወይ ምዕሪት ክልተ መስመር ኣገባብ ግዘ ዝንታወ ተዘንቲዉ ስለ ዘሎ። ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታወ ድማ ኣብ እቶም ገድልታት ተዘውቲሩ ይርአ።

> ሓቀኛ ኣብርሃም ንሳራ ዝስዕብ በላ፣ ኣንቲ ሳራ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ሓዘን ኣይሓብአክን። ኣብ ምድሪ ግብፂ ካብ ዝበፅሕ፣ ኣነ ክፍኣት ግብፃውያን ኣይፈልጥን። ሳራ፣ ካብ ኩለን ኣንስቲ ብፅባቐን ቁመናን ትበልፂ። ግብፃውያን ዘመውቲ ከም ዝኾኑ ድማ ብዛዕብኦም ይሰምዕ ኣለኹ። ኣነ ድማ ንዓኺ ምስ ረአዩ ከይቀትሉኒ፣ ኣብ ባዕዲ ዓዲ ከይመውት ይፈርሕ። ንደመይ ዝሟጐተለይን ዝብቀለለይን መን እዩ። ሳራ ብግድኣ፣ ኣብ ሃገርና እናሃለና ዝኣተኹልካ ቃል ኣይዓፅፍን ኢላ መሓለትሉ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *ወኣውሥኣ ኣብርሃም ጻድቅ፣ ወይቤላ ለሣራ፣ ኦሣራ ኣማን ኢየኃብኣኪ ምንተኒ እምኀዘን ዘብየ፣ ወኣንሰ ኢየኣምር እከየ ሰብኣ ግብጽ፣ እስከ በጻሕኩ ኣድያሚሃ፣ ወኣንቲ ሣራ ትፈደፍዲ እምኩሎን ኣንስት በሥን ወበላኅይ። ወእሉ ሰብኣውያን ግብፃውያን እስመ እሰምዕ በእንቲኣሆሙ ከመ እሙንቱ ሰብኣውያን ዘማውያን። ወኣነሂ እፈርሕ ሶበ ውእቶሙ ርእዩኪ ይቀትሉኒ በእንቲኣኪ፣ ወእመውት በውስተ ነኪር። ወመኑ ውእቱ ዘየኀሥሥ ወይትዋቀሥ በእንተ ደምየ። ኣውሥኣቶ ሣራ ሶቤሃ ወመሓለት ሎቱ በብሂለ ኢይኤምጽ ኪዳንየ ዘተካየድኩ ምስሌከ እንዘ ሃሎነ በምድረ ከንዓን (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

እዚ ዝነውሐ ግዘ ታሪኽ ብማእኸላይ ምዕሪት ሸሞንተ መስመር ወይ ድማ ካብ ሰለስተ ደቓይቓ ዘይነውሕ ግዘ ንባብ ዝቐረበ ዝንታወ እዩ። ብኸምዚ፥ ነገረ ፅባቐን ቁመናን (ሥን ወላኅይ) ኣልዒሉ ኣሎ። ነገረ ፅባቐን ቁመናን ድማ፦ ፅንዓት፣ እምነት፣ ኣብ ቃል ኪዳንኻ ተወሲንካ ምንባርን ምእንትኡ መስዋዕቲ ምኽፋልን የመልክቱ። ከምዙይ ዓይነት ግብሪ ኣብ ልቡና ቀዳሞት ዝተፅሓፈ ፅላት ህላውኦም እዩ። ንዳሕረዎት ድማ ከም ሰረት ሕገ ልቡና ኾይኑ የገልግል። እዚ ድማ ገድልታት፥ ኣዳምን ኣብርሃምን፥ ኣሕፀሮታዊ ኣገባብ ዝንታወ ዘለዎም ምዃኖም ዘርእይ እዩ።

ካብ እቶም ኣብ ትሕቲ ኣሕፀሮት ዝብል ርእሲ ዝተገበሩ ትንተናታት ምርዳእ ዝከኣል፣ ነዊሕ (ሰፊሕ) ግዘ ዝሸፍኑ ፍፃመታት፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ብውሑዳት መስመራት፣ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ብሓፂሩ ምቕራቡ። እዚ ኣቀራርባ ኣሕፀሮት ድማ ብናህሪ ከም ዝግለፅ። “ናህሪ/ቅልጣፈ ብባህሪ ኣብ መጠቓለሊ ወይ ሰፊሕ ትዕይንት ዘሎ ድባብ ገለፃ ዝግለፅ እዩ” ዝብል ገለፃ፥ ከምኡ እውን “ኣብ ፅሑፍ ብንውሕ ዝበለ ግዘ ዝተገለፀ ሓሳብ፣ ብሓፂሩ ክፋል እቲ ፅሑፍ ብምጥቃስ ዝርከብ ውፅኢት እዩ” ዝብል ዝግለፁ ምዃኖም፤ እዚ ድማ "ቅልጣፈ ዝበሃል ዓይነት ግዘ ዝንታወ ግዘ ዝንታወ ካብ ግዘ ታሪኽ ይንእስ ምስ ዝብል ሓሳብ ይዛመድ እዩ። ውፅኢቱ ኣገባብ ዝንታወ፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ካብ እቶም ገድልታት ዝሸፍንዎ ግዘ ታሪኽ ብኣሕፀሮታዊ ዝንታወ ተዋቒሩ ዝቐረበ ምዃኑ የትዕል። እዚ ብምዃኑ እውን ቴማ ሓፈሻዊ ብዝኾነ መልክዑ ንምርካብ የኽእል። ስለዚ፥ ኣገባባት ዝንታወ ኣብ መዋቕር ዝንታወ እቶም ክልተ ገድልታት ብመንፅር ታሪክ ዝተወዳደሉ ኩነትን በዓል ዋና እቲ ታሪክን (ገድላዊ ፍፃመታትን ተጋዳልን) ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎም የርእይ።

### ገለፃ

ገለፃ፥ ኣዘንታዊ ንገፀ ባሕርያት ዘላልየሉን መዓበይ ዝገልፀሉን ናይ ምዝንታው ኣገባብ እዩ። ኣብ ኣገልግሎት ዘውዕሎም ምሉእ ሓሳባት እውን ኩነታት ዘመልክቱ እዮም። ኣብ ገለፃ መልክዕ ዝንተወ፥ ኣካላዊ፣ ኩነትን መዓበይን ዝምልከቱ ገለፃታት ይበዝሑ (ቻትማን፥ 1978፣ ጆን፥ 2021)። እዚ ማለት ኣዘንታዊ ንስነ ፅሑፋዊ ሜላ ኣገባብ ገለፃዊ ዝንተዋ ተጠቒሙ፦ ኣከዳድና፣ ኣካላዊ መልክዕ፣ ስምዒትን ምንቅስቓስ (ምልውዋጥ) ገፅን ኣብ ዛንታ ዘለዉ ገፀ ባሕርያት ይገልፅ።

> ኣዳም ኣዒንቱ ንላዕሊ ቆላሕ ኣበለ፤ ንበዓቲ ዝኸደነት ኣብ ልዕሊ በዓቲ ዘላ ከውሒ ረአየ። ሰማይን ኵሎም ፍጥረታትን ክርእይ ኣይከኣለን፤ ኣዳም በኸየ እንግድዕኡ ጐድአ፣ ክሳብ ወዲቑ ዝሞተ ዝመስል (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።
>
> *ኣንሥአ ኣዳም ዓዕይንቲሁ ኀበ ላዕል፣ ወነጸረ ኰኵሓ ተድባበ በዓት ዘከደነት ላዕሌሁ። ወኢክህለ ይርኣይ ሰማየ ወኲሎ ፍጥረታተ፤ ወበከየ ኣዳም ወጐድአ እንግድዓሁ፣ እስከ ወድቀ ወኮነ ከመ ምውት (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

ኣዘንታዊ ተጋዳሊ፥ ብስመ ተፀውዕኡ ኣዳም ኢሉ ኣላሉይና። ከምኡ እውን ተጋዳሊ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ከባቢ ከም ዘሎ "በዓቲ" ኢሉ መዓበይ ነጊሩና። ተጋዳሊ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ከም ዘየለ "ዝሞተ መሲሉ" ብምባል ዘለዎ ኩነት ገሊፁልና። ኣብዚ ተጋዳሊ ብደረጃ ገፀ ባሕሪ ዝተገለፀሉ ከምኡ እውን መዓበይን ኩነትን ኣብ ምግላፅ ትኹረት ዝገበረ ኣገባብ ዝንታው ብምህላዉ፤- ቆላሕ፣ ከውሒ፣ ሰማይ፣ ብዝብሉ ብቃላት ዝተፈጠረ ምስሊ ኣሎ።

ኣብ ውሽጢ እቲ ዛንታ፥ "ኣዒንቱ ንላዕሊ ቈሊሕ ኣበለ፤ ንበዓቲ ዝኸደነት ከውሒ ረአየ፤ ንሰማይን ምድርን ክርእይ ኣይከኣለን፤ በኸየ፤ ሰውነቱ ጐድአ፤ ወዲቑ ዝሞተ መሰለ" ዝብሉ ብቃላት ዝዝንተዉ ዘለዉ ትዕይንታዊ ኣገላልፃታት እዮም። ብዚኦም ኣቢሉ ድማ ኣንባቢ፥ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝንታው ዘሎ ፍፃመ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኣእምርኡ ንክስእል የኽእሎ። ገለፃ ድማ ነገራት፡- ብዓይኒ ሕሊናኻ ክትርእይ፣ ብእዝነ ልቡናኻ ድምፂ ክተድምፅ፣ ጨና ክተሽትት፣ ጣዕሚ ክተለልን ኣካል ክትድህስስን ዘኽእሉ ስምዒት ሕዋሳዊ መግለፅታት ተጠቂሙ ንፍፃመ ዝገልፅ እዩ።

ቀዲሙ ከም ዝተገለፀ ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታው ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ኣሎ። ከምቲ ቀፂሉ ዘሎ ድማ ይንበብ።

> ኣብርሃምን ሳራን ዝነበርዎም ኵሉ ገዲፎም ካብ ምድሪ ከነዓን ወፁ። [...] ብሓባር ከዱ፣ ኣብ ምድሪ ግብፂ ድማ በፅሑ። ኣብርሃም ብሓሳቡ ናብ ምድሪ ከነዓን ተመለሰ፣ ናይ ቀደም ክብሩ ብዓይነ ሕሊንኡ ቓነየ፤ ዝተወለደላ ምድሪ ዘኪሩ ኣስናኑ ሕጭምጭም ኣበለ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።
>
> *ወወጽኡ ኣብርሃም ወሣራ እምድረ ከነዓን ወኃደጉ ውስቴታ ኩሎ ዘኮነ ሎሙ። [...] ወሖሩ ኅቡረ እስከ በጽሑ ደወለ ግብጽ። ወተመይጠ ኣብርሃም በሓሰበ ዚኣሁ ምድረ ከነዓን፣ ወኀሠሠ በዓይነ ኅሊናሁ ዘቀዳሚ ክብሩ፤ ወሓቀየ ስነኒሁ፣ ተዘኪሮ ምድር ዘተወልደ ባቲ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ኣዘንታዊ ንስነ ፅሑፋዊ ሜላ ኣገባብ ገለፃዊ ዝንተዋ ብምጥቃም፣ ገፀ ባሕርያትን መዓበይን ገሊፁልና። ኣብዙይ ኣንባቢ ንገፀ ባሕርያትን መዓበይን ተገንዚቡ ኣብ ዛንታ ዘሎ ፍፃመ ኣካል ናቱ ሕይወት ገይሩ ንክወስዶ የኽእሎ። ከምኡ እውን፡- ስምዒት፣ ምንቅስቓስን ሕሉፍ ተዘክሮን ተጋዳሊ ብመልክዕ ምልሰት ሓቢሩልና። ገፀ ባሕርያት፥ ካበይ ናበይ ከም ዝተንቀሳቐሱ (ብደረጃ መዓበይ)፣ ሃዋህው፣ ከባቢ፣ ተኣማንነት ዛንታ ሓልዩ ብስእላዊ መልክዕ ገሊፁ። ተጋዳሊ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነት ከም ዘሎ ብዓይነ ህሊናና ንክንርኢ ገይሩ። እዚ ድማ ኣብ ዝንታው ፅሑፍ፣ ንዝርዝር ተግባራት ገፀ ባሕርያት ከምኡ እውን መዓበይን ነገራትን ኣብ ኣብ ምግላፅ ትኹረት ዝገበረ ኣገባብ ዘመልክት "ብቃላት ምስሊ ምፍጣር እዩ" ንዝብል ኣበሃህላ ዘትዐለ እዩ። ኣንባቢ ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዘሎ ብቃላት ዝተዘንተወ ትዕይንታዊ ኣገላልፃ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኣእምርኡ ንክስእል ዝገብር መልክዕ ዝንተዋ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዝንታው ቀሪቡ ኣሎ።

ኣብ ገለፃ፥ ኣዘንታዊ ብሰብ ዋና ፍፃመ (ተጋደልቲ) ዝተፈፀሙ ዝተፈላለዩ ፍፃመታት ይገልፅ። እቶም ዝግለፁ ዛዕባታት ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣካላዊ ኩነትን መዓበይን እዮም።

> ፀሓይ ምስ ወፀት ኣዳም ንሔዋን "ወርቂ ናብ ዝሃቡና ትሕቲ ጐቦ ክንኸይድ ተልዓሊ" በላ። ብዛዕባ እዙ ምኽሪ ንእግዚኣብሔር ክንልምን። "ኣንታ ኣዳም ብዛዕባ እንታይ ምኽሪ እዩ" በለቶ ሔዋን፣ "ብዛዕባ ውስብቲ፣ እግዚኣብሔር ሓደ ነገር ንክሕብረለይ ይደሊ እየ" ክብል መለሰላ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወሰበ ሠረቀ ብርሃን፣ ይቤላ ኣዳም ለሔዋን ተንሥኢ ከመ ንሑር ኀበ ታሕተ ደብር ዘወሃቡነ ወርቀ እምኔሁ። ንስኣል ኀበ እግዚኣብሔር በእንተ ዝንቱ ምክር። ወትቤሎ ሔዋን ምንት ውእቱ ምክር ኦ ኣዳም፣ ወይቤላ ላቲ፣ እስመ ኣነ ኣኀሥሥ እም እግዚኣብሔር ከመ የኣምረኒ በእንተ ተዋስቦት (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

ብትእምርቲ ምብራቕ ፀሓይ ዝተወከለ ንውልደት ወይ ልደት ዘመልክት መዐበያዊ ገለፃ እዩ። ከምኡ እውን "ትሕቲ ጐቦ" ዝብል መዐበይ ኣሎ። ወርቂ ንፁሓ ዘርእይ እንተመልክት ንስርዓት ውስብቲ ድማ ወኪሉ ንረኽቦ። እዚ ድማ ኩነት ውስብትን ናብራ ዘመልክትን ገለፃዊ ኣገባብ ዝንታወ ንብሎ።

ቀዲሙ ዝተገለፀ ኣብነት ኣብ ገድለ ኣዳም ካብ ዘሎ ቅዲ ገለፃዊ ኣገባብ ዝንታወ ዘርኢ እዩ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም ድማ፡-

> ኣብርሃም ንሳራ ከምዚ ክብል ተዛረባ "ድሕሪ ሕዚ ንድሕሪት ክንምለስ ኣይከኣለናን፣ ንባዕልኺ ካብ ሕማቕ ነገር ብምሕላው ንዓይ ጥራሕ ኣደስትኒ።" ሳራ ብግድኣ ንኣብርሃም ከምዚኢላ ተዛረበቶ "ኣነ ዝኹነ ይኹን ክፋእ ከምዘይፈልጥ እግዚኣብሔር ምስክረይ፣ ኣብ ናትኻ በታ እውን ካልእ ወድሰብ የለን" (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *ኣውሥኣ ኣብርሃም ለሣራ ወይቤላ፣ እምይእዜሰ ኢይከውን ለነ ፍኖት ኀበ ተመይጦ፣ ወባሕቱ ኣሠንዪ ሊተ ወዕቀቢ ርእሰኪ እም እከይ። ኣውሥኣቶ ሣራ ወትቤሎ ለኣብርሃም ሕያው እግዚኣብሔር ከመ ኢየኣምር ኣነ ምንተኒ እም እከይ፣ ወኢያእመረ መካነከ እኅለ እመሕያው (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

እዚ ብመልክዕ ምልሶ ዝተዘንተወ ቅዱም መንነት ከም ዘይምለስ ዘርእይ ገለፃ እዩ። ኣብዚ ገለፃ ንድሕሪት ምምላስ ከም ዘይከኣልን ብፅይቲ ተጋዳሊ ልቡንኣ ክተጠንክር ከም ዘለዋን ዝነግር ገለፃ ኣሎ። ንክብራን ንክብሪ ብፃያን ክትብል ኣብ እምነታ ዝፀንዐት ብፅይቲ እውን ኣላ።

ርእይቶ

ኣዘንታዊ፥ ኣብ ተግባር፣ ምዕባለን ኩነታትን ገፀ ባሕርያት ርእይቶ ይህብ። ገፀ ባሕርያት፥ ዝትግብርዎምን ዘተግብርዎምን ተግባራት፣ ዘርእይዎም ዝተፈላለዩ ባሕርያት፣ ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዕብየት እናርአየ ዝኸይድ ፍፃመ፣ ኩነታት ዛንታ፣ ወሕዚ ፍፃመታት፣ ርእይቶ ክህብ ይኽእል (በንሂም፥ 1982)። ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብዙይ መዳይ ምርኣይ ይከኣል። ገድለ ኣዳም፡-

> ንኣዳምን ንሔዋንን ናብ ስርናይ ዘለዎ በታ ኣምፅእዎም፤ ከም ቀደሙ ረኺቦምዎ፣ መትሐዚ ማይ እውን ምሉእ። ንእታ ተኽሊ ረአይዎ፣ ኣብ ልዕሊኣ ዝተቐመጠ ምግቢ ረኸቡ፤ ኣብ ግዘ ጥምየቶም ምግቢ ንክበልዑ መላእክቲ ኣዘዝዎም። ዝተኣዘዝዎ ኣይገበሩን። ፈተና ክበዝሖምን መንከራ ክረኽቦምን ድማ ግድን እዩ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወኣምጽእዎሙ ለኣዳም ወለሔዋን ኀበ መካነ ሥርናይ፤ ወረከብዎ በከመ ቀዳሚ፣ ወማኅየበ ማይ ምሉኣ። ወነጸርዎ ለዕፅ ወረከቡ ላዕሌሃ መና ንቡረ፤ ወኣዘዝዎሙ መላእክት ይብልዑ እመና በጊዜ ርኅቡ። ወኢገብሩ ዘተብህሉ። ኣማን ይረክቦሙ ፈተና ወመንሱት (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

ኣዘንታዊ፥ ገፀ ባሕርያት ናብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነት ከም ዝመፁን ዝተብሃልዎ ንክፍፅሙ ዝተውሃቦም ትእዛዝን ነጊሩና፤ ዝተብሃልዎ ብዘይምፍፃሞም ፈተናን መንከራን ከም ዝረኸቦም ኣውሲኡ። ዝረኸቦም መንከራ ግቡእ ከም ዝኾነ ድማ ርእይትኡ ኣቐሚጡ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም ድማ ከምቲ ቀፂሉ ዘሎ ይንበብ።

> ኣብርሃም ኣብ ዝነብረሉ ሃገር ፅኑዕ ጥምየት ተልዓለ። ኣብታ ሃገር ካብ ዝነብሩ ኣብርሃም ዝዓበየ እዩ። [...] ጥምየትን ሽግርን ምስ ሓየለ ዝነበሮ ሃፍቲ ሒዙ ተልዓለ፤ ኣብርሃም ከምኡ ምግሩ ርትዒ እዩ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *እስመ ሃገር ዘኮነ የሓድር ውስቴታ ኣብርሃም፣ ኮነ ረኀብ ዕጹብ። ወኮነ ኣብርሃም የዓቢ፣ እም ኩሎሙ እለ የሓድርዋ። [...] ወሰበ ጸንዐ ረኀብ ወተጽናስ፣ ሖረ ነሢኦ ብዕሎ፤ ርትዕ ውእቱ ዘገብሮ ኣብርሃም (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።*

ዝብል ዝንታው ንረክብ። ኣዘንታዊ፥ ኣብ ተጋዳሊ ዝነብረሉ ከባቢ ሓያል ረሃብ ከም ዝተልዓለ፣ ካብ ኵሎም ነበርቲ ዝዓበየ ንሱ ከም ዝነበረን ዝነበሮ ንዋት ሒዙ ናብ ካልእ ከም ዝተበገሰን ገሊፁ። ዝወሰዶ ስጉምትን ዘንበሮ ውሳንን ትኽክል ከም ዝኾነ ድማ፥ “ተጋዳሊ ከምኡ ምግባሩ ርትዒ እዩ” ብምባል ርእይትኡ ሂቡ።

ቀዲሙ ንምግላፅ ከም ዝተፈተነ ኣብ ርእይቶ ኣዘንታዊ፦ ኣብ ተግባር፣ ምዕባለን ኩነታትን ገፀ ባሕርያት ዘስተብሀሎን ዝረኣዮን ነገር ብመልክዕ ርእይቶ ይፅብፅብ። ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዕብየት እናርአየ ዝኸይድ ፍፃመ፣ ኩነታት ዛንታን ወሕዚ ፍፃመታትን ርእይትኡ የካፍል።

> ኣዳም ናብ ወዱ ሴትን ሰበይቱ ሔዋንን ተመለሰ። “እግዚኣብሔር ትእምርቲ ክኾነና ዝሃበና፦ ወርቂ፣ ዕጣንን ከርቤን ሓልውዎ በሎም። ንኵሉ ፍጥረት ንከጥፍእ ማየ ኣይህ ኣብ ዝመፀሉ ግዘ፣ ናብ ታቦት ዝኣትዉ፦ ወርቂ፣ ዕጣን፣ ከርቤን ስጋይን ምስኦም ይውሰድዎ። ወርቂ፣ ዕጣንን ከርቤንን ምስ ስጋይ ናብ ምድሪ ይመለሱ” ኢሉ ዝተዛረቦ ኣዳም ፅቡቕ እዩ (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።

> *ወተመይጠ ኣዳም ኀበ ሴት ወልዱ ወሔዋን ብእሲቱ። ወይቤሎሙ ዕቀብዎ ለዝንቱ ወርቅ ወዕጣን ወከርቤ ዘወሃበነ እግዚኣብሔር ለነ ትእምርተ። እስመ በመዋዕል ዘይመጽእ ኣይኅ ያስጥም ኩሎ ፍጥረተ፣ ወዘይበውእ ውስተ ታቦት፣ ይንሥኡ ምስሌሆሙ ወርቀ ወዕጣነ ወከርቤ ወሥጋየ። ወርቅሰ ወዕጣነ ወከርቤ ይትመየጡ ምስለ ሥጋየ ውስተ ምድር፣ ሠናይ ውእቱ ዘነበቦ ኣዳም (ገድለ ኣዳም፣ 1956)።*

ኣዘንታዊ ንፍጡር ወዲሰብ ከም ትእምርቲ ህላወ ኰይኖም ዘገልግሉ ንዋታት፥ ተጋዳሊ ውላዱ ክሕልዎም ከም ዘለዎ ከም ዝነገሮን ከምዙይ ምግባሩ እውን ፅቡቕ ከም ዝኾነን ድሒሩ ንዝመፅእ ኩነታት ብምስትብሃል ዘለዎ ሓሳብ ወይ ርእይቶ ዝነገረሉ ዝንታው እዩ።

ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታው ህልው እዩ። ስለዚ ቀፂሉ ዘሎ ካብቲ ገድል ዝተወሰደ ንዙይ ዘርእይ ዝንታው እዩ።

> ኣብርሃም፥ ንኣዝማዱን ተለኣኣኽቱን ተባዕትዮን ኣንስትዮን ፀዊዑ ዓስቢ ፃምኦም ሃቦም፤ ምሳሕ ኣሰናዲኡ፥ ዓብይን ንኡስን፣ ድኻታትን ምስኪናትን ኣብዛ መዓልቲ ፀውዐ። ነብሱ ካብ ስግኡ ንክትወፅእ ምስ ቀረበ ምግባር ወላዲኡ ንክሕሉ ንይስሓቅ ወዱ ኣዘዘ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154)።

> *ወጸውዐ እንከ ኣብርሃም ኲሎ ኣግብርቲሁ ወላእካኒሁ ዕደወ ወኣንስተ፣ ወወሃቦሙ መጽሓፈ ግዕዛኖሙ ወኣሠነየ ምሰሓ ወጸውዐ ዓቢየ ወንኡሰ፣ ነዳየነ ወምስኪናነ፣ በይዕቲ ዕለት። ወሶበ ቀርበ ጸዓቱ እምሥጋሁ ናዘዞ ለወልዱ ይስሓቅ ከመ ይዕቀብ ግብረ ኣቡሁ (ገድለ ኣብርሃም፣* C$_3$-IV-154)።

ኣብዚ ዘሎ ተዓዛቢ ወይ ኣቅላቢ ተጋዳሊ፦ መገልገልቱን ተለኣኣኽቱን ዝኾኑ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ፀዊዑ ከከም ግብሮም ከም ዘሃቦምን ከም ዝኣንገዶምን ግንዛብኡ ኣውሲኡ። እዚ ዝገበረሉ ምኽንያት ድማ ሕልፈቱ ከም ዘቐረበ ሪኡ ዝፈፀሞ ከም ዝኾነ ኣስተብህልኡ ወይ ርእይትኡ ኣቐሚጡ።

ብሓፈሻ፥ ኣብ ትሕቲ ትዕይንት፥ ምንጋርን ምርኣይን ኣብ ትሕቲ ኣሕፅሮት ድማ፥ ገለፃን ርእይቶን ዝብሉ መልክዓት ኣገባባት ዝንታወ ኣለዉ። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ድማ፥ ትዕይንትን ኣሕፅሮትን ብዝበሃሉ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታወ ዝዝንተዉ እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ትሕቲ ትዕይንትን ኣሕፅሮትን ብዝሕቈፉ፥ ምንጋርን ምርኣይን፣ ገለፃን ርእይቶን ዝቐረቡ ዝንታወታት ኣለውዎም።

## መጠቓለሊ

ኣብዚ መፅናዕቲ፥ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወ ንምሕባር ምፍላይን ምዳባን ተኻይዱ። ብመንፅር ዝተገብረ ምፍላይን ምደባን እቶም ገድላት ብትዕይንትን ኣሕፅሮትን ዝብሉ ዓበይቲ ሜላታት ዝንታወ ይዝንተዉ። ኣብ ትሕቲ ትዕይንት፥ ምንጋርን ምርኣይን ዝብሉ መልክዓት ኣገባባት ዝንታወ እንትህልዉ ኣብ ትሕቲ ኣሕፅሮት ድማ ገለፃን ርእይቶን ኣለዉ። ክልቲኦም ገድላት እዞም መልክዓት ኣገባባት ዝንታወ ዘማልኡ ኰይኖም ተረኺቦም።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እዞም ልዕል ክብሉ ዝተፀርሑ ብልሓታት ዝንታወ ኣለዎም። ብትዕይንታዊ ዝንታወ፦ ሰፊሕ ምስጢር ተፈጥሮ ወዲሰብ፣ ሕይወት ንምፍካር ዘኽእል ሚታዊ ይትበሃል፣ ባህላውን መንነታውን ቴማ፣ ወርትግ ዘይርሳዕ ኣብ ፅላት ልቡና ዝፀሓፍ ኣብ ሰሌዳ ኣእምሮ ዝሰኣል ህያው ምስሊ የጨብጡ። ስለዚ እቶም ገድላት ብትዕይንታዊ ዝንታወን ኣሕፅሮትን ዝተዋቐሩ ከም ዝኾኑ ከምዚ ዓይነት ብልሓት ዝንተዋ ምህላዎም ድማ መዋቕር ዝንታውኦም ዘይስልቹውን ዘመን ተሳገርቲ ስነ ፅሑፋትን ክኾኑ ኣኽኢልዎም። እዚ እቶም ገድላት ቦኽራ ኣገባባት ዝንታወ ምዃኖም የርእይ።

ብተወሳኺ፥ እቶም ገድላት ብኣሕፅሮታዊ ሜላ ዝንታወ እውን ይዝንተዉ እዮም። ዝግለፁ ሰፋሕቲ፦ ታሪካዊ፣ እምነታዊ፣ መንነታዊ፣ ባህላዊ፣ ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ተግሳፃትን ኣስተምህሮታትን ብሓፂሩ ብመልክዕ ምጥቕላል ተዘንቲዎም ኣለዉ። እዚ ድማ ነዊሕ (ሰፊሕ) ግዘ ዝሸፍኑ ፍፃመታት እቶም ገድላት ብውሑዳት መስመራት፣ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ብሓፂሩ ከም ዝዝንተዉ ተረጋጊፁ። ከም ውፅኢቱ ኣገባብ ዝንታወ እቶም ገድላት ካብ ዝሸፍንዎ ግዘ ታሪኽ ብኣሕፅሮታዊ ዝንታወ ተዋቒሩ ዝቐረበ እዩ።

ብሓፈሻ፥ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ፥ ብኣገባባት ዝንታወ ዝዝንተዉ ገድላዊ ተኣምራዊ ዝንታወታት ኣብ ኣእምሮን ልቡናን ኣንባቢኦምን ሰማዒኦምን ካብ ሕሊና ዘይጠፍእ ተዘካሪ ምስሊ ዝገድፉ፤ ብሓፂር ኣገላልፃ ሰፊሕ ዛዕባ ዘዘንትዉ፣ ሕይወት ንምትርጓም ዘኽእሉ ቦኹሪ ሓሳባት ዝሓዙ፤ ሞትን መልክዓት ሞትን ዘርእዩ፤ ገድላዊ ፍፃመታት ብኣመክንዮ ኣሰናሲሎም ብምምፃእ ድማ ግብራዊ ምስሊ እትርእይ ዘለኻ መሲሉ ንክስመዐካ ዝገብሩ እዮም። ብኸምዚ፥ ዝነበረ ባህላውን ማሕበራውን ከይዲ ኣነባብራ ሰባት ይነግሩ። ኣብ ፍፃመታት ሕይወት ተጋዳሊ ትኹረት ዝገበረ ዛዕባ ብምምፃእ ታሪኽ ሕይወት ተጋዳልን ኣገደስቲ ፍፃመታቱን እናርአዩ ተግሳፃዊ ኣስተምህሮ ንናይ ሕዚ ወለዶ የመሓላልፉ። ብተወሳኺ፥ እቶም ገድላት ተጋድሎ

ተጋዳሊ ዘርእዩ ጥራሕ ዘይኾኑስ ሰፊሕ፦ ስነ መለኮታዊ፣ ታሪካዊ፣ ባህላዊ፣ ሕገ ልቡናውን ሞራላውን ትሕዝቶታት ኣለዎም። ስለዚ እቶም ገድልታት ብኣገባባት ዝንታወ ዝዝንተዉ ጥንታውያን ስነ ፅሑፋት እዮም።

## ETHICAL STATEMENT

Ethical approval applies to this manuscript.

### Data availability statement

The data that support the findings of this study are available on request from the corresponding author.

### Declaration of the use of AI

The author declares that no AI-assisted technologies were used during any stage in the preparation of this article.

### Funding statement

No funding

### Declaration of conflict of interest

The authors declares that they have no known competing financial interests or personal relationships that could have appeared to influence the work reported in this paper.

## ውኩሳት ስራሕቲ

ኪዳነ ወልድ ክፍሌ። (1948)። መጽሐፈ ሰዋስው ወግስ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ። ኣዲስ ኣበባ፣ አርቲስቲክ ማተምያ ቤት።

ቴዎድሮስ ገብሬ። (2001)። በይነ ዲስፕሊናዊ የስነ ፅሑፍ ንባብ። አዲስ አበባ፣ አዲስ አበባ ዩኒቨርሲቲ ፕሬስ።

ቴዎድሮስ ገብሬ። (2008)። በይነ ዲስፕሊናዊ የስነ ፅሑፍ ንባብ። 2ኛ እትም። አዲስ አበባ፣ ኣዲስ ኣባባ ዩኒቨርሲቲ ፕሬስ።

አየለ ፍቅሬ። (2007)። "የተረክ ግዘ ትንተና በኣማርኛ ልቢ ወለዶች" አዲስ አበባ፣ አዲስ አበባ ዩኒቨርሲቲ፣ የኢትዮጵያ ቋንቋዎችና ስነ ፅሑፍ ትምህርት ክፍል፣ የፒ.ኤች.ዲ. ዴሰርቴሽን ጽሑፍ (ያልታተመ)።

ይታገሱ ጌትነት። (2005)። "የአተራረክ ቴክኒክ በዐዜ ዐምደ ጽዮን ዜና መዋዕል እና በዐዜ ዘርዐ ያዕቆብ ዜና መዋዕል ውስጥ" አዲስ አበባ፣ አዲስ አበባ ዩኒቨርሲቲ፣ የኢትዮጵያ ቋንቋዎችና ስነ ፅሑፍ ትምህርት ክፍል፣ የኤም.ኤ ጽሑፍ (ያልታተመ)።

ዳኛቸው ወርቁ። (1977)። የጽሑፍ ጥበብ መመሪያ። አዲስ አበባ። ኩራዝ አሳታሚ ድርጅት።

Bal, M. (1985). Narratology: Introduction to the Theory of Narrative. Canada: University of Toronto Press.

____________. (1999). Narratology: Introduction to the Theory of Narrative. 2nd ed. Canada: University of Toronto Press.

Bateson, G. (2000). Steps to an ecology of mind. Chicago: University of Chicago Press. (Originally published by Ballantine, 1972.)

Barthes, R. (1977). Introduction to the Structural Analysis of Narratives. London: Fontana.

Becker, Ernest. (1973). The Denial of Death. New York and London: The Free Press.

Berger, A. A. (1997). Narratives in Popular Culture, Media and Everyday Life. 1st ed. Thousand

Oaks, London, New Delhi: Sage Publications.

Bonheim, Helmut. (1982). The Narrative Modes: Techniques of the Short Story. Cambridge: Brewer.

Campbell Joseph. (1968). The Hero with a Thousand Faces. Second Edition. Princeton, New Jersey: Princeton University Press.

Chatman, S. (1978). Story and discourse: narrative structure in fiction and film. London: Cornell University Press.

____________. (1986). "Characters and Narrators: Filter, Center, Slant, and Interest Focus". In Poetics Today, 189-204.

____________. (1990). Coming to Terms. The Rhetoric of Narrative in Fiction and Film. Ithaca, London: Cornell University Press.

Coste, Didier. (1989). Narrative as Communication. Vol. 64. Minneapolis: University of

Minnesota Press.

Cressman, D. (2006). 'Exploring Biography', in D.G. Godfrey (ed.), Methods of Historical Analysis in Electronic Media. London – New York: Routledge, 283–302.

Criddle Alison. (2018). Narrative Twists: Spiraling Time and Projected Identities in the Hair of Vertigo's Madeleine, Fashion Theory, 22:6, 677-697, DOI.

Dawit Girma. (2019). Literary Features of Ethiopian Hagiographies: Figurative Languages and Literary Techniques in Gädlä Krestos Sämra. IOSR Journal of Humanities and Social Science (IOSR-JHSS) Volume 24, Issue 8, Ser. 3 (August 2019) 70-78.

Genette, G. (1972/1980). Narrative Discourse: An Essay in Method. Jane E. Lewin. trans. Ithaca, New York, Cornell University.

Goyal R. (2016). "Infinite World of Narration: A Never-Ending Saga." International Multidisciplinary Research Journal, vol.4, issue 3, May.

Gurevich A. J. and Roberts H. M. G. R. (1985). Saints and Their Miracles in Medieval Society. London: Macmillan.

Haile Gezae. (2013). Narrative Time and Mode in Minkuhkuwah Zeyfleyelu Mae'tso and Hezike

Nabey. (Unpublished M.A. Thesis), Addis Ababa University: Addis Ababa.

Hawthor, J. (2001). Studying the novel. London: Guten Berg Press, Ltd.

Hawthor, J. (2001). A Glossary of Cntemporary Literary Theory. 4th edn. London: Arnold Publication.

Heidegger Martin. (1949). Existence and Being. Chicago: Henry Regnery Company.

Herman, Luc. (2005). Handbook of Narrative Analysis. London: University of Nebraska Press.

Hyvärinen Matti. (2006). Towards a Conceptual History of Narrative. University of Tampere.

Hyvärinen Matti. (2007). Analyzing Narratives and Story-Telling. The Sage Handbook of Social Research Methods.

Jahn, M. (2005 [2017, 2021]). Narratology: A Guide to the Theory of Narrative. English Department, University of Cologne. http//www.uni-koein.de/ameoz/ppn. Htm.

Jung C. G. (1983). La funzione trascendente, in Opere, Boringhieri, Torino, 1969, vol VIII. p.89.

Kaplan, S. Gadl. (2005). In Uhlig, Baye, Siegbert (Eds.), Encyclopedia Aethiopica (vol. 2, pp.350-359). Berlin: Otto Harrass Owitz Verlog.

____________. (1997). Seen but not Heard: Children and Childhood in Medieval Ethiopian

Hagiographies. The International Journal of African Historical Studies, 30(3), 544-556.

____________. (1982). The Monastic Holy Man and the Christianization of Early Solomonic Ethiopia. Tel Aviv: Wiesbaden.

Keen, Suzanne. (2003). Narrative Form. New York: Palgrave Macmillan.

Kindt, T., Müller, H.H. (2003). Narrative theory and/or/as theory of interpretation. T. K. & H.

H. M. (Eds.). What is narratology? questions and answers regarding the status of a theory. Berlin: de Gruyter, 205–219.

Michael J McCarthy. (2005). The Hagiography of Saint Nicholas. Washington, D.C.: Catholic University of America Press.

Mieke Bal. (1981). On Meanings and Descriptions. Studies in 20th Century Literature: Vol. 6(1), Article 7. http://dx.doi.org/,

Peace Ibala. (2015). Narrative Modes as Aesthetic Paradigm in The Modern African Novels.

IOSR Journal of Humanities and Social Science (IOSR-JHSS).

Phelan, J. (2006). Narrative theory, 1966–2006: A narrative. The nature of narrative, 40, 1-33.

Prince, Gerald. (1987). Dictionary of Narratology. London: University of Nebraska Press.

Quinn, Edward. (2006). A Dictionary of Literary and Thematic Terms. 2nd ed. USA: An imprint of InfoBase Publishing.

Richardson, B. (2000). Recent concepts of narrative and the narratives of narrative theory. Style, 34(2), 168-175.

Rimon-Kenan, S. (1983). Narrative fiction: contemporary poetics. London: Routledge.

Ryan, Marie-Laure. (2005). Narrative. In Routledge Encyclopedia of Narrative Theory, edited by D. Herman, M. Jahn, and M.-L. Ryan. London and New York: Routledge.

Schneider, Herbert W. (1958). The Making of a Saint: The Hagiography of Saint Francis of Assisi. New York: Harper & Brothers.

Slávka tomaščíková. (2009). Narrative Theories and Narrative Discourse. Bulletin of the Transilvania University of Braşov, Series IV: Philology and Cultural Studies.

Somers, M. (1994). The narrative constitution of identity: a relational and network approach. Theory and Society 23(5): 605–49.

Tarski A. (1944). The Semantic Conception of Truth and the Foundations of Semantics, Philosophy and Phenomenological Research 4 (3):341-376.

Toolan, Michael J. (1988). Narrative: A Critical Linguistic Introduction. London: Routledge.

______. (1999) "New Work on Deixis in Narrative". In Grünzweig, Walter; Solbach, Andreas, eds. Transcending Boundaries: Narratology in Context. Tübingen: Narr. 147-163.

______. (2001). Narrative: A Critical Linguistics Introduction. 2nd ed. London: Routledge.

Tripathi A.N. (2003). Human Values. New Delhi: New Age International Publishers.